# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.203 | 25 ዓርቢ ሚያዝያ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቅፋ


ገጽ 2
ክታበትን ስርዓተ ምክልኻል ሕማምን


ገጽ 3
ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ዘባ ካሽሚር


ገጽ 4
“ስሉሳዊ ዝምድና ብግቡእ እንተ ደኣ ተሰሪሑሉ. . .


ገጽ 5
ሰብ ክለብ ትራንዚት


ገጽ 11
ተሰነይ - ቅድድም ብሽክለታ መዓልቲ ናጽነት



## ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን፡ ምስ ነበርቲ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ዘትዩ





ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ ኣብ ትግባረ ተወጢኑ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብዝምልከት፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከኣ ብፍላይ ዘተኮረ ርክብ፡ ብ23 ሚያዝያ ምስ ነበርቲ ኣካይዱ።

ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ብደረጃ ሃገር ብሰፊሑ ዝስራሓሉ ዘሎ፡ ዕዙዝ ተሳትፎ ህዝቢ ዝሓተት ካብ ቀንዲ መደባት ልምዓት ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ረዘነ፡ ነበርቲ ውዳበታቶም ኣሐይሎም ብትግሃት ክሰርሑሉ ተላቢዩ።

ብመሰረት ኣዋጅ ቁጽሪ 56/1994 መሬት ናይ መንግስቲ ስለዝኾነ፡ ብኣደ ወሰንካ መሬት ምሻጥን ምልዋጥን ከምኡ'ውን ህንጻት ዘይሕጋዊ ኣባይቲ ብሕጊ ዘቕጽዕ ምዃኑ ብምንጻር፡ ኣብ ከምዚ ንጥፈታት ተዋፊሮም ዘለዉ ሰባት ክሕደጉ'ውን ኣተሓሳሲቡ።

ብዘይካዚ፡ ንበጽሕ ኣካቢ ዘቃልዑ ተግባራት ብዝፈጸሙ ፈስታል ደማ ብቐንዱ ወገድ ክበዝሑ፡ ከምኡ'ውን ተጠቃምነቱ ዝበቕዐ ባትሪ ጸሓያዊ ጸዓት ንኽውገድ ናብ ቤትጽሕፈት ሕግን ስርዓትን ክርከብ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ረዘነ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ዕወታት ክኸቡ ተራ ወለዲ ኣብ ምክትታሎምን ምትብባዖምን ክሕይል፡ ትካላት ንግዲ፡ ተጠቀምቲ መሬትን ወሰንቲ ጥሪትን ድማ ኣብ ግዜኡ ግብሪ ክኸፍሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝቐንዐ ኣጽዋሳት ክሕይል፡ ክፍሊት ሃልኪ ኤለክትሪሲቲ ኣብ እዋኑ ንክኽፈል ምዕዳል ቅብሊት ስሩዕ ክኸውን፡ ናይ ጎሓፍ ኣጋንእ ኣብ ግዜኡ ክለዓል፡ ጉዳይ ዘቤታዊ ጸዓት ድማ ቁላሕታ ክግበረሉ ዝበልን ካልእን ርኢይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

## ፎርቶ-ሳዋ፡ ወፍሪ ክታበት ጥሪት ተኻይዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ኣብ ጥሪት ዘኽስት ወሸጣውን ግዳማውን ሕማማትን ባልዓትን ንምክልኻልን ንምፍዋስን ብዝዕየድ ዘሎ ቀጻሊ ጻዕሪ፡ ኣብ ጤለብዕ ዝርአ ጉልሓይ መሰል ሕማም ንምግታእ ዝዓለመ ወፍሪ ክታበት ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝተወደበ ወፍሪ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኩለንቴባይ፡ ዋጋይ፡ ሓውሲ ከተማ ፎርቶ፡ ሞለብር፡ ተልኣይ፡ ፈደዶብ፡ ግርማይካ፡ ተመራት፡ ኣዲባራ፡ ሆሚብን ዓሊትን ዓሰርተታት ኣሽሓት ጤለበዕ ከምእተኸትቡ፡ ተጸዋዒ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ኣቶ የውሃንስ ኣብደራ ሓቢሩ።

ፍርማይን ጉልሓይ መሰል ሕማማትን ኣብ ጤለበዕ ጊዜኖም ዝረኣዩ ሕማማት ምዃኖም፡ ብፍላይ ድማ ጉልሓይ መሰል ሓደገኛ ብምዃኑ ዕቱብ ክትትልን ስሩዕ ክታበትን ከምዘድልዮ ዝጠቐሰ ኣቶ የውሃንስ፡ እቲ ወፍሪ ዕውት ምንባሩ ገሊጹ።

ኣቶ የውሃንስ ኣብ መወዳእታ፡ ሓረስቶት ብሓፈሻ ወሰንቲ ጥሪት ድማ ብፍላይ ኣገዳስነት ክታበት ተረዲኦም ንዓወት ዝወጠነ መደባት ክተሓባበሩ ኣተሓሳሲቡ።



## ሆስፒታል ደንደን፡ ናውቲ ሕክምና ስኒ ብሓገዝ ረኺቡ

ኣብ ከተማ ኣስመራ - ቀጽሪ መዓስከር ደንደን ዝርከብ፡ ሓርበኛታት ስንኩላን ዘገልግሉ ሆስፒታል፡ ብመንገዲ መሻርኽቲ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ዝኾኑ ጀርመናውያን፡ ብ23 ሚያዝያ ናውቲ ሕክምና ስኒ ብሓገዝ ረኺቡ።

ኣብ'ቲ ሆስፒታል ክኢላ ፊዝዮተራፒ ረዘነ መብራህቱ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብሓገዝ ዝተረኽበ መሳርሒታት፡ ኢክስረይ፡ መሕጸብን መኽልእን ከምኡ'ውን መምልኢ ስኒ ከምዝጠቓልል ኣብሪሁ።

ሓላፊ ሆስፒታል ደንደን ኣቶ ሰረቐ ገብረመስቀል ብወገኑ፡ ሳላ'ቲ ብመንግስቲ ዝግበር ቀጻሊ ሓገዝ፡ እቲ ሆስፒታል ዝሓሸ ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እቲ ሕጂ ዝተወፈየ ናውቲ ብግቡእ ኣብ ኣገልግሎት ንኽውዕል፡ ብቑዓት ሰብ ሞያ ሕክምና ስኒ ከምዘለዉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ሆስፒታል ዝገልገሉ ሓርበኛታት ስንኩላን ብወገኖም፡ ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ንምርካብ ናብ ሆስፒታላት ኣሮታን ሓለቦትን ክኸዱ ምጸገሞም ብምሕባር፡ እቲ ብሓገዝ ዝተረኽበ መሳርሒታት ነዚ ዝፈትሕ ከምዝኾነውን ዘለዎም እምነት ገሊጾም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ክታበትን ስርዓተ ምክልኻል ሕማምን

ወዲ ሰብ ካብ ዝፍጠር፡ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ቀተልትን ኣሰንከልትን ሕማማት ንምክልኻሉ ሓያሎ ጻዕርታት ኣካይዱን የካይድን ኣሎ። ኣብዚ ግዜዚ ብሳይንስ ዝተደገፈ ሓያሎ ምርምራት እናካየደ፡ ንብዙሓት ፈወስቲ መድሃኒታት፡ ንገለ መከላኸሊ ክታብት እናመሃዘ ይርከብ።

ኣብ 1798 ኤድዋርድ ጀነር (Edward Jenner) ኣብ ዓለም ንመጀመርያ ግዜ ክታብት ኣንጻር ሕማም በዳዶ (small-pox) ብምምሃዙ፡ ሓያሎ ሰባት ካብ ሞት ኣድሒኑ እዩ። ካብዚ ምህዞዚ ጀሚሩ ከኣ ክታብት እቲ ቀንዲን ወጽኢታዊን ኣገባብ መከላኸሊ ተላባዒ ሕማማት ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ፡ ዝተፈላለዩ ክታብታት ኣንጻር ብዙሓት ተላባዕቲ ሕማማት ከም ንፍዮ፡ ፖልዮ፡ ሕማም ጉረሮ፡ ጭዋዳታት ዘደርቕ/ዘጭምድድ ሕማም (tetanus)፡ ሕማም ኣንቅጺ፡ ጽግዕ ወዘተ ክምዕበሉ ጸኒሖምን ኣለዉን።

**ኣገደስቲ ነጥብታት፦**

- ክታብት ንዓይ፡ ንስድራይን ንመላእ ሕብረተሰብን ካብ ተላባዒ ሕማም ይከላኸል።
- ክታብት፡ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ናብ ሰብነትና ዝኣተወ ቫይረስ ይኹን ባክተርያ ቀልጢፉ ኣለልዩ ንኸጥፍኦም ይሕግዝ።
- ክታብት ጎድናዊ ሳዕቤን እኳ እንተለዎ፡ ቀልጢፉ ዝጠፍእ እዩ። ተላባዒ ሕማም ግና ከቢድ ጥዕናዊ ጉድኣት እዩ ዘውርደልና። ይቐትለና'ውን።
- ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ዝርከብ ሰብ ዝተፈላለየ ዓይነት ክታብት እዩ ዘድልዮ።

**ክታብት እንታይ እዩ?**

ክታብት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሰብነትና ብምሕያል ካብ ተላባዕቲ ሕማማት ንምክልኻል ዘኽእል ዓይነት መድሃኒት እዩ። ክታብት ዘድሊ፡ ገለ ሕማማት ብቐሊሉ ተላባኢም ንወዲ ሰብ ክጎድኡን ክኸቕትሉን ስለ ዝኽእሉ እዩ።

ክታብት ተላባዒ ሕማም ካብን ናብን ሕብረተሰብ ከየስፋሕፍሕ ኣብ ምግታእ'ውን ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።



ክታብት ካብ ተላባዒ ሕማም ንምክልኻል ዘኽእል ቀሊል፡ ውሑስን ኣድማዕን መድሃኒት እዩ። መብዝሕትኡ ክታብት ብመርፍእ ይወሃብ፡ ገለ ድማ ዝጥዕመ ኮይኑ ብኣፍ ወይ ብኣፍንጫ ይወሰድ።

**ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና**

ሰብነትና ናይ ባዕሉ ሕማም ዝከላኸል ስርዓት ኣለዎ። ዝኾነ ቫይረስ ይኹን ባክተርያ ንኣካላትና ከጥቅዕ ክጅምር እንከሎ፡ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ጸረ-ጓና ኣካል (antibody) ብምፍራይ ክከላኸሎ ይጅምር።

ኣብቲ ፈለማ ኣካላትና ብቫይረስ ወይ ብባክተርያ ዝጥቃዓሉ እዋን፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ሰብነትና ተዛዚዩ ስለ ዘጸንሐ ዘየም እናበለ እዩ ጸረ-ጓና ኣካል ዘፍሪ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኑቲ ቫይረስ ወይ ባክተርያ ኣቐዲሙ ፈሊጥዎ ስለ ዘይጸንሐ እዩ። ክሳብ ኑቲ ጸረ-ጓና ኣካል ዘፍሪ ድማ፡ እቲ ሕማም ዘስዕብ ታህዋስያን ኣብ ኣካላትና ተባዚሖ ናብ መላእ ሰብነትና ክበጽሕ ይኽእል እዩ። ኣብዚ፡ ከም ረስኒ፡ ሰዓል፡ ዕንፍሩር ወይ ሳላ ወዘተ ዝኣመሰሉ ምልክታት ክርኢ ንጅምር። ክፉረን ክብዝሕን ይኽእል።

ኣካላትና ጸረ-ጓና ኣካል ከፍሪ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ግና ኑየም ኣብ ሰብነትና ዝኣተዉ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ክቕትሎም ስለ ዝጅምር፡ ቀስ ብቐስ ከነታትና ክመሓየሽ ይኽእል።

ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ኣቐዲሙ ኣጥቂዑና ንዝነበረ ቫይረስ ወይ ባክተርያ ንምልላይ ዝሕግዞ ዋህዮታት ዝኽረት (memory cell) ኣለዉ። እዞም ታህዋስያን ዳግማይ ከጥቅዑና ክመጽኡ እንከለዉ፡ ምክልኻል ስርዓት ሕማም ኣካላትና፡ ፈሊጥዎም ስለ ዝጸንሐ ቀልጢፉ ጸረ-ጓና ኣካል የፍሪ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከይተናኸፍና ወይ ምልክት ከየርኣና ቀልጢፍና ክንሓዊ ንኽእል።

**ክታብት ኣብ ምሕያል ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና**

ክታብት ካብ ዝሞቱ ወይ ዝተዳኸሙ ቫይረስ ወይ ባክተርያ፡ ወይ'ውን ካብ 'ጀነቲካዊ ኮድ' ናይዞም ታህዋስያን እዩ ዝዳለ። እዚ ብመልክዕ ክታብት ኣብ ሰብነትና ምስ ኣተወ፡ ዋህዮታት ዝኽረት ናይ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ኣለልዮምም ክጸንሕ ይሕግዝ። እዞም ዓይነት ታህዋስያን እዚኦም ዳግማይ ንጡፋትን ሓያላትን ኮይኖም ንኣካላትና ከጥቅዕዎ ኣብ ዝጀምሩ፡ ሰብነትና ቀልጢፉ ኣለልዩ ከጥፍኦም ይኽእል።

ብቫይረስ ይኹን ብባክተርያ ኣብ ሰብነትና ክመጽእ ንዝኽእል ሕማም ንምክልኻል ዝተወሰነ መጠን ዋህዮታት ዝኽረትን ጸረ-ጓና ኣካልን እዩ ዘድልየና። ስለዚ፡ እቲ ዝወሃብ ዓቐን ክታብት ኣብዚ ይምርኮስ።

**ክታብት ኣብ ምክልኻል ተላባዒ ሕማም**

ክታብት ከም ኩሉ ዓይነት መድሃኒት ጎድናዊ ሳዕቤን'ኳ እንተለዎ፡ ቀልጢፉ ዝጠፍእ ብምዃኑ ብዙሕ ከቢድ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ክታብት ምስ ወሰድካ ንግዚኡ ዝጸንሕ ረስኒ፡ ቃንዛ ወይ ዝኾነ ምልክት ኣብ ቆርበት ክረኣየካ ይኽእል እዩ። ብሰንኪ ክታብት ክርአ ዝኽእል ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤን ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ብዘይ ክታብት ምስ ዘይንወስድ፡ ብዘተላባዕቲ ሕማማት ክንጥቃዕ ንኽእል ኢና። ተላባዒ ሕማም ነባሪ ሰንክልና ወይ ሞት ከስዕብ ይኽእል።

**ክታብት ንህጻናት**

ህጻናት ውሉድ ካብ ዝበሉ ኣትሒዞም ዝተፈላለዩ ክታብት ይወስዱ እዮም። እዚ ዕድመ'ዚ ዝኾነ ተላባዒ ሕማም ከጥቅዖም ቀዳማይ ምጅማሩ ዝበለጸ ዕድመ ብምዃኑ።

ህጻናት ዝለዓለ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላት ስለ ዘለዎም፡ ግና ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ኩሉ ዓይነት ክታብት ክወስዱ ምግባሮም ኣዝዩ ኣገዳስን ወጽኢታውን እዩ። እዚ ማለት፡ ኣብቲ ዝወሰዱዎ ክታብት ዝለዓለ ሕማም ናይ ምክልኻል ግብረ-መልሲ ስለ ዘለዎም፡ ኣብ ዝቕጽል ዕድመኦም ኣንጻር ተላባዒ ሕማም ዝሓየለ ናይ ምክልኻል መከተዝም ክጥርዩ የኽእሎም።

**ክታብት ንፍሱጻርን እተጥባቡን ኣደ**

ፍሱጻርን እተጥባቡን ኣደ ብሕማም ኢንፍሉወንዛ፡ ትኽትኽታ ወይ ዝኾነ ካልእ ኣብ ስርዓት እስትንፋስ ክረኣዩ ብዝኽእሉ ሕማማት ክትጥቃዕ ስለ እትኽእል፡ ክታብት ናይዞም ዓይነት ሕማማት እዚኦም ክትወስድ ይምከር እዩ። እዚ ክታብት'ዚ ንዕኣ ጥራይ ዘይኮነ ኑቲ ህጻን'ውን ካብ ተላባዒ ሕማም ኣብ ምክልኻል ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።


**ክታብት ኣብ ሃገርና**

ኣብ ሃገርና ኣብ ህጻናት ዝርኣዩ ዝተፈላለዩ ሕማማትን ሸፈነ ክታብትን ንምዕባዩ፡ ዓበይቲ ዕማማት ተሰላሲሎም ይርከቡ። በዚ፡ ሃገርና ሓንቲ ካብተን ኣብ ናይ ዓወት ጎደና ብጽቡቕ ትምርሽ ዘላ ብኣኣት እትጥቀስ ሃገር ኮይና ኣላ። ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ሸፈነ ክታብት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት ካብ 16 ሚእታዊት ዝዓቢ ኣይነበረን። ኣብዚ ግዜዚ ግና ናብ 98 በሪኹ ይርከብ። ከም ቀታሊ ህጻናት ዝገለጽ ዝነበረ ሕማም ንፍዮ ብኽታብት ምሉእ ብምሉእ ክግታእ ተኻኢሉ ኣሎ። ሕማም ፖልዮ'ውን ከምኡ።

**ሕማም ፖልዮ**

ፖልዮ (Polio) – 'ፖልዮማላይቲስ' ብዝተባህለ ቫይረስ ዝኸሰት ሞት ወይ ነባሪ ሰንክልና ዘምጽእ ተላባዒ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ሓንሳብ እንተለኺፉካ ክትፍወሶ ዝኮኣል ኣይኮነን። ኣቐዲምካ ንምክልኻሉ ውሑስን ኣድማዕን ዝኾነ ክታብት ግና ኣለዎ።

ሕማም ፖልዮ ስርዓት መትኒ ኣጥቂዑ ኣብቲ ግዳይ ሕዱር ለምሲ የስዕብ። ኣብቲ ፈለማ ደረጃኡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብምትንኻፍ ይመሓላለፍ። ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኣብ ሓጺር ግዜ ክላባዕ ይኽእል። 90 ሚእታዊት በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ግዳያት ንጹር ምልክት ናይቲ ሕማም ቀልጢፎም ስለ ዘየርእዩ፡ ብቐሊሉ ንምቁጽጻሩ ጸዕሪ ከም ዝሓትት ይንገር። ኣብ ሓደ ከባቢ በቲ ሕማም ከም ዝተለኽፈ ዝተረጋገጸ ሓደ ግዳይ ምስ ዝህሉ፡ ብውሕዱ ሓደ ካብ 200 ካልኦት ግዳያት ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ሕክምናዊ ጸብጻባት የረድኡ።




**ሕማም ንፍዮ**

ንፍዮ ቀልጢፉ ተላባዒ ሕማም ኮይኑ 'ብሚዝል' ዝተባህለ ቫይረስ ይመሓላለፍ። በዚ ሕማም'ዚ ናብ ዝተለኽፈ ሰብ ምስ እትቃላዕ ኣብ ውሽጢ 10 ክሳብ 12 መዓልታት ምልክታት ናይቲ ሕማም ኣብ ኑበሻ ክርአ ይጅምር። እቲ ምልክታት ክሳብ 7 ወይ 10 መዓልታት ክጸንሕ ይኽእል።

ኣብቲ ፈለማ መልክዕቲ ናይዚ ቫይረስ፡ ምሕር ረስኒ፡ ሰዓል፡ ጸረርታ ኣፍንጫ፡ ከምኡ'ውን ምቅጻል ዓይኒ የስዕብ። ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት፡ ኣብ ውሽጢ ኣፍ ናይቲ ግዳይ ማይ ዝመማኑ ነኣሽቱ ንጣብ ነገራት ሽፍ ክብሉ ይጅምሩ። ብድሕሪዚ ብገጽ ጀሚሩ ናብ መላእ ክፍሊ ሰብነት ክላባዕ ይርአ። ኣብ ገለ ካብኦም ግዳያት ወጽኣትን ነድሪ ሳንቡእን ከኸትል ይኽእል እዩ። ግቡእ ክንክን ምስ ዘይረኽብ ዕረትን ምቅጻል ኣእምሮን ከም ዘስዕብ ሰብ ሞያ ጥዕና የመልክቱ።

ንፍዮ ብምስዓልን ብምህንጣስ ካብ ግዳይ ናብ ጥዑይ ሰብ ክመሓለልፍ ይኽእል። ብጥፍጣፍን ብጸረርታ ናይ ኣፍንጫን ክመሓላለፍ ይኽእል። ንፍዮ ሓንሳብ ምስ ሓዘካ ደጊሙ ክመጽእ ዘይክእል ብብዝሒ ኣብ ህጻናት ዝርአ ሕማም እዩ።

ኣብዚ ግዜዚ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ህጻናት ዓለምና ግቡእ ክታብት ንፍዮ ረኺቦም ከም ዘለዉ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። ክሳብ 2015 በቲ ውድብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ብዘይ ግቡእ ክታብት፡ በቲ ሕማም ክስዕብ ዝኽእል ሞት ህጻናት ብ75 ሚእታዊት ክጎድል ክኢሉ ኣሎ።

**ሩብላ ቫይረስ**

ሩብላ ስሙ ከም ዘመልክቶ ሩብላ ብዝተባህለ ቫይረስ ዝመሓላለፍ ተላባዒ ሕማም እዩ። እዚ ሕማም'ዚ ምልክታቱ ብኣግኡ ስለ ዘይልለ፡ ልዕሊ ፍርቂ ግዳያት ናይዚ ሕማም ከም እተለኽፉ ከይፈለጡ ነዊሕ መዓልታት ከም ዝጸንሑ ይንገር።

እዚ ሕማም ምስ ንፍዮ ብዙሕ ምምስሳል ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሳምንታት ኣብ ቆርበት ናይቲ ግዳይ ሽፍታን ዕንፍሩርን ይፈጥር። ኣብ ገጽ ጀሚሩ ድማ ናብ መላእ ክፍሊ ሰብነት ይላባዕ። ረስኒ፡ ድኻም፡ ምስልቻውን ምሕርሓር ጉረሮን ገለ ካብቲ ኣብቲ ግዳይ ዝርኣይ ምልክታት እዩ። ኣብ ኣብጽሒ ቃንዛ መላግቦ፡ ምቅጻል መትንታት፡ መድመይቲን ካልእን ተወሳኺ ምልክታት የርኢ እዩ።

ነፍሰጾራት ኣብ ፈለማ ኣዋርሕ ጥንሲ ዝህልወን ረኽሲ፡ ኣብቲ ዝውለድ ህጻን ሕዱር ሕማም ሩብላ ከኸትል ከም ዝኽእል ሰብ ሞያ ጥዕና የመልክቱ። ናይዚ ምልክት ድማ፡ እቲ ዝውለድ ህጻን ናይ ዓይኒ ጸገም፡ ጽሙት፡ ከምኡ'ውን ጸገማት ልብን ኣእምሮን ሃልዩዎ ክውለድ ይኽእል። እዚ ጸገም'ዚ ኣብተን ልዕሊ 20 ሳምንታት ዘቑጸራ ነፍሰጾራት ግና ብትሑት ቁጽሪ እዩ ዝርአ።

ሩብላ፡ እቲ ግዳይ ናይቲ ሕማም ኣብ ቅሉዕ ኣየር ብምስዓሉ ክመሓለልፍ ይኽእል እዩ። በዚ ሕማም'ዚ ዝልከፉ ደቂ ሰብ ጥራይ እዮም። ኣብ እንስሳታት ኣይላባዕን እዩ።

ሕማም ሩብላ ኣብ ደም፡ ሽንትን ጉረሮን ብዝግበር መርመራ እዩ ክልለ ዝኽእል።

ሕማም ሩብላ ምስ ናይ ንፍዮ ሓዊስካ ብምሃብ ክታብት 'ኤም. ኤም. ኣር.' (MMR) ክትከላኸሎን ክትቆጻጸሮን ይከኣል።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
የሲፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብቱ ሰለሙ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሸዊት ተኽለ

## ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ዞባ ካሽሚር

ኣብ ኣኽራን ሂማላያ ዝርከብ፣ ብዘለዎ ጸባቕን ብሄራዊ ብዙሕነትን ዝፍለጥ ዞባ ካሽሚር፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ጠንቂ ግጭት ህንድን ፓኪስታንን ኮይኑ እዩ ዝቕጽል ዘሎ። ኣብ 1947፡ ብሪጣንያ ነታ ኣቐዲማ ኣብ ትሕቲ ግዝኣታ ዝነበረት ዘይተኸፋፈለት ህንዲ ናብ ክልተ ልኡላውያን ሃገራት ማለት - ናብ'ታ ሕጂ ብዘለዋ. ተኸቲልቲ እምነት እስልምና ዝኾነት ፓኪስታንን፥ መብዛሕትኦም ሰዓብቲ እምነት ሂንዱ ዝኾኑ ህንድን - ከም ዝመቓቐለታ መዛግብቲ ታሪኽ የረድኡ።

በቲ ዝተገብረ ምምቕቓል ከኣ፥ ዞባ ካሽሚር ኣብ ትሕቲ ህንዲ እኳ እንተ ኣተወ፡ ናይ ሸዑ መራሒ ናይ'ቲ ዞባ ግና፡ ናብ ህንዲ ይኹን ናብ ፓኪስታን ምጽንባር ብዘይምኽኣሉ፡ እቲ ዞባ ዕግርግር ናይ መን ምዃኑ ዘይተወሰነ ኮይኑ ተረፈ። ይኹን'ምበር፡ ህንድን ፓኪስታንን ነቲ ብተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ዝሃብተመ ዞባ ካብ ምምናዩ ዓዲ ኣይወዓላን።

እንተኾነ፡ ድሕሪ ሓደት ኣዋርሕ ምምስራት ጎረባብቲ ሃገራት ፓኪስታንን ህንድን፥ መራሒ ዞባ ካሽሚር ዝነበረ ማሃራጃ ሃሪ ሲንግ ሓሳቡ ብምቕያር፡ ዞባ ካሽሚር ኣካል ህንዲ ክኸውን ተሰማምዐ። ፓኪስታን ግን ነቲ ኣቐዲማ ኣካል ግዝኣታ ክኸውን ትደልዮ ዝነበረት ዞባ ንምውናን ክትቃለስ ጀመረት። ክልቲኤን ሃገራት ናብ'ቲ ዞባ ሰራዊት ብምልኣኸን ድማ፡ ፓኪስታን ኣስታት ሓደ ሰሉስ ህንዲ ከኣ ክልተ ሰሶ ናይ ዞባ ካሽሚር ክቆጻጸራ ከኣላ።

ንናጽነት ዝቃለሱ ዕጡቓት እቲ ዞባ ሓያሎ ሰላማውያን ሰባት ክቐትሉ ኣብ ዝጀመሩሉ እዋን ድማ፡ ወተሃደራዊ ወራርን ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲን ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ክለዓዓል ጀመረ።

ኩናት ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 1999 ካብ ዝለዓል ኣትሒዙ ድማ፡ ካሽሚር ሓንቲ ካብ'ተን ብዝለዓለ. ወተሃደራዊ ንጥፈታት ዝተዓደለን ዞባታት ዓለም ኮይና'ያ ጸኒሓ። ኣብ 2019 ከኣ፡ ክልቲኤን ኑክለሰያዊ ኣጽዋር ዘውንና ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ'ቲ ዞባ ብዝተፈጸመ ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ብውሕዱ 40 ወተሃደራት ህንዲ ብምቕታሎም ደጊመን ናብ ኩናት ከይኣትዋ ተሰጊኡ ምንባሩ ይዝከር። ህንድን ፓኪስታንን ዞባ ካሽሚር ብዝጠንቀ ሰለስተ ግዜ ኣብ ኩናት ተሸሚመን ምንባረን ይፍለጥ።

ህንዲ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪታ ንፓኪስታን ክትወቅስ ከላ፥ ኣብ ፓኪስታን ዝመደበሩ ዕጡቕ ጉጅለ ድማ፡ ኣብ እዋኑ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ወሲዶሉ ነይሩ። መንግስቲ ፓኪስታን፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብ ሃገሩ ብወግዒ ከም ዝተኣገደ እኳ እንተ ገለጸ፡ ሰበስልጣን ህንድን ኣመራርነ ግን፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ክሳብ ሕጂ ኣብ'ታ ሃገር ይንቀሳቐስ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ኣብ ዝርዝር ግብረ-ሽበራውያን ከም ዘስፈርዎ ይሕበር።

ዋላ'ኳ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘሎ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸለ ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ ፈተነታት እንተ ኣካየደ፡ ህንድን ፓኪስታንን ግን ኣብ ዝሓለፈ. ልዕሊ. ፍርቂ-ዘመን ኣብ ጉዳይ ካሽሚር ዘለወን መርገጺ. ክቕይራ ኣይከኣላን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ 2019 ብቐዳማይ ሚኒስተር ናረንድራ ሞዲ ዝምራሕ መንግስቲ ህንዲ፥ ነቲ ኣብ ቅዋም ሃገሩ ሰፊሩ ዝነበረ ንዞባታት ጃሙን ካሽሚርን ነፍሳዊ ርእሰ-ምሕደራዊ መሰል ከወሃብ ዝኽእል ዓንቀጽ ከም ዝሰረዞ ይዝከር። ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ህንዲ ብቐጥታ ነቲ መሬት ከመሓድሮን ኣብ'ቲ ዞባ ደማ ጸጥታዊ ህላወኡ ከረጋግጽን ጀሚሩ።



እቲ ስጉምቲ፡ ህንዲ ነቲ ተቖጻጺራቶ ዝነበረት ገለ ክፋል ዞባ ካሽሚር፡ ምሉእ ብምሉእ ናብ ልኡላዊ ግዝኣታ ናይ ምጽንባር ዕላማኣ ንምትግባር ትንቀሳቐስ ከም ዝነበረት ድማ፡ ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ፖለቲካ ይገልጹ ነይሮም።

ይኹን'ምበር፡ ፓኪስታን ነቲ መንግስቲ ህንዲ ዝወሰዶ ዝነበረ ስጉምቲታት ኣብ እዋኑ ትኹንኖ ምንባራ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ እቲ ቀዳማይ ዝተላዕለ ወጥሪ ነቲ ኣቐዲሙ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝተኸሰተ ዘይምቅዳው መለሱ ኣኽሪርዎ ከም ዝጸንሐ የረድኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዝሓለፈ. ሰሉስ ሓደ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብ'ቲ ብህንዲ ዝመሓደር ክፋል ዞባ ካሽሚር ብዘኸፈቶ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ኔፓላዊ በጺሑ ዝርከቦም 25 ህንዳውያን በጺሖቲ ክቕተሉ እንከለዉ፡ ሓያሎ ካልኦት ደማ ከም ዝቖሰሉ ምሕብሩ ኣይርሳዕን።

'ግንባር ተቓውሞ' ዝተባህለ ብዙሕ ዘይፍለጥ ዕጡቕ ጉጅለ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ወሲዱሉ'ኳ እንተ ነበረ፡ ህንዲ ግን እቲ ጉጅለ ንሽበራዊ ጉጅለ 'ላሹር-ኢ-ታይባ' ወይ ካልእ ኣብ ፓኪስታን ዝመደበሩ ዕጡቕ ጉጅለ ወኪሉ ዝንቀሳቐስ ምዃኑ'ያ ትኣምን።

መንግስቲ ህንዲ ኣብ ነሓሰ 2019 ኣብ ልዕሊ. ነፍሳዊ ርእሰ-ምሕደራዊ መሰል ዞባ ካሽሚር በይናዊ ናይ ምስራዝ ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳዱ፡ ግንባር ተቓውሞ መጀመርያ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት መግለጺታት ክልጥፍ፡ ጸኒሑ ድማ ክውድብ ከም ዝጀመረ እየም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ህንዲ፡ ፓኪስታን ነቲ ስግረ-ዶባዊ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ክትምውልን ክትድግፍን ከም ዝጸንሐት እያ ብተደጋጋሚ ክትከስስ ጸኒሓ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናሬንድራ ሞዲ ነቲ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ዘካይዶ ዝነበረ ምብጻሕ ኣቋሪጹ ብህጹጽ ናብ ሃገሩ ድሕሪ ምምላሱን ምስ ሓለፍቲ ጸጥታ ሃገሩ ድሕሪ ምርኻቡን፥ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ሰባት ካብ ዘለውዎ ክልቀሙ ምዃኖም ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ፓኪስታን ብወገና፡ ኣብ'ቲ ዝተገልጸ መጥቃዕቲ ኢድ ከም ዘይብላ ብምሕባር፡ ህንዲ ኣቓልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ካብ'ቲ ጸጥታዊ ውድቀት ኣጋጢምዋ ዘሎ ዞባ ክትጥምዝዝ ትፍትን ከም ዘላ ከሲሳ።

ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቶም ሓያሎ መራሕቲ ዓለም ናብ መንግስቲ ህንዲ ናይ ሓዘን መልእኽቲታት ክሰዱ እንከለዉ፥ ነቲ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ድማ ብትሪ ይኹንኑዎ ኣለዉ።

## ሳዕቤናት ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ዞባ ካሽሚር

ኣብ ዞባ ካሽሚር ዝጸንሐ ግጭት፡ ናብ ሓድሽን ዘይርጉእን ምዕራፍ ኣትዩ ከምዘሎ እዩ ዝሕብር ዘሎ። ብ22 ሚያዝያ ኣብ'ቲ ዞባ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ዝጸንሐ ዘይምቅዳው ናብ ደረጃ ኲናት ከየዕርጎ ተሰጊኡ ከምዘሎ ድማ ዝተፈላለዩ ወገናት ይሕብሩ ኣለዉ።

ዚ ስዒቡ፡ መንግስቲ ህንዲ፡ ፓኪስታን ነቲ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ዕጡቕ ጉጅለ ብቐጥታዊ ይኹን ብዘዘዋዋሪ መንገዲ ደገፍ ከም ዝቐረበት ብምሕባር፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ናይ ሕኑ ምፍዳይ ስጉምቲታት ወሲዱ ኣሎ።

በዚ ድማ፡ መንግስቲ ህንዲ ንኽልቲኤን ጎረባብቲ ሃገራት ዘራኽብ ቀንዲ ዶብ 'ኣታራዋጋህ' ከዕጽዎ እንከሎ፡ ዲፕሎማሰኛታት ፓኪስታን ድማ ካብ ሃገሩ የባርር ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብመሰረት ፕሮግራም ናጻ ቪዛ ነባሪ ውድብ ምትሕግጋዝ ደቡብ ኤስያ' ንዜጋታት ፓኪስታን ክወሃብ ዝጸንሐ ቪዛ ብመንግስቲ ህንዲ ተቛሪጹ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ህንዲ፡ ካብ'ቲ ኣብ 1960 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ዝወዓለን ንዓሰርተታት ዓመታት ብዘቐጸለ ወጥሪ ክልቲኤን ሃገራት ድማ ከይተተንከፈ. ዝጸንሐን - ብመንጎኛነት ባንክ ዓለም ዝተበጽሐ - ፍሉይ ውዕል ምክፍፋል ማይ 'ፈለግ ኢንዱስ' ክትወጽእ ምዃና ገሊጻ ኣላ።

እቲ ውዕል፡ ህንዲ ማያት ምብራቓዊ ሩባታት፡ ፓኪስታን ድማ ምዕራባውያን ሩባታት ክትቆጻጸር ዝኽእል እዩ ነይሩ።

እቲ ውዕል እንተ ፈሪሱ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ልዑል ወጥሪ ክኸስትን ክህሉ ዝኽእል ናይ ማይ ግጭታት ድማ ከቢድ ቁጠባዊ ጸልዋታት ከስዕብን ይኽእል እዩ። ብፍላይ ድማ ንታ ኣብ ፈለግ ኢንዱስ እትምርኮስ ፓኪስታን ዓቢ. ብድሆ ኪጋጥማ ይኽእል እዩ።

ከም'ዚ. ዝኣመሰለ ብሓደ ወገን ጥራሕ ዝውሰድ ስጉምቲታት፡ ናብ ሰፊሕ ጂኦ-ፖለቲካዊ ረጽሚ ክዓቢ. ዝኽእል ብምዃኑ ድማ፡ ዞባዊ ምርግጋእን ውሕስነት መግብን ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ከም ዝኽእል፡ ተንተንቲ ህሉው ኩነታት ናይ'ቲ ዞባ ይእምቱ ኣለዉ።



ህንዲ፡ ኣብ ልዕሊ. መንግስቲ ፓኪስታን'ውን ዲጂታላዊ ናይ ሕኑ ምፍዳይ መቕጻዕቲ ማለት - ከም ወግዓዊ ሕሳብ ማሕበራዊ መራኸቢ. 'ኤክስ' መንግስቲ ፓኪስታን ናይ ምዕጋት ዝኣመሰለ ስጉምቲታት ወሲዳ ኣላ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | ጥዑብ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይ ቀጥታ |
| 15:30 | ናይ መደረኽ ድራማ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሃገራዊ ምርምር ሕርሻ ሓልሓል |
| 17:45 | ዕላል ምስ ዓ ስወራን |
| 18:50 | ፊልም ክብረት |
| 19:25 | እትመሓሰትተም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለ ስ ጥዑብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳዘምማም |

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ስሉሳዊ ዝምድና ብግቡእ እንተ ደኣ ተሰሪሖሉ ተመሃሮና ንዓወት ቀረባ እዮም” ኣቶ ማርቆስ ግርማጽዮን

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ናይ ሰንበት ሕታም ዓምዲ ቃለመሕተት፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፣ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ትምህርቲ ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ዝወሃብ ዞባዊ ሽልማት ታምሬዳን ዕላማኡን ከምኡ ከኣ ኣብ ማስርሒ ትምህርትን መንእሰያትን ዘለዎ ጽልዋን ኣመልኪትና ምስ ሓላፊ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ ማርቆስ ግርማጽዮን ቃለ-መሕተት ኣካይድና ከም ዝበርና ይፍለጥ። ንሎሚ ከኣ 2ይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።*



**ሕቶ - እቲ ዝወሃብ መተባብዒ ሽልማት እንታይ እዩ?**

ሕጂ'ውን ከሉ ሰብ መታን ክፈልጦ፡ ሽልማት (ኣዋርድ) ታምሬዳ ብልክዕ መተባብዒ እዩ። እቲ ዝወሃብ መተባብዒ ከኣ፡ ናይ ኣፍልጦ ሰርቲፍኬት፡ መዳልያ፡ ኑቶም ተመሃሮ ኑቲ ዝቕጽል ደረጃ ትምህርቶም ክሕግዞም ይኽእል ዝበዝሐ መጽሓፍቲ ንሽልሞም። እዚ ማለት ከኣ ኣብ 8ይ ክፍሊ ኩይናም ይሽለሙ እንተ ደኣ ኣለዉ፡ ኣብ 9ይ፡ 10ይ፡ 11 ክፍሊ ናይቶም መሰረታውያን ዝበዝሉ ናይ ስ ቀጻርን እንግሊዝን ዓይነት ትምህርቲ ምስ ሚ/ሪ ትምህርቲ ብምውህሃድ ካብኡም ኣምጺእና ንሽልሞም። እዚ ሕጂ ዘዎም ቁልዑ እንታይ ጠቕሚ ኣለዎ ይመስለካ፡ ዘዎም መጽሓፍቲ ንክረኽቡ ዘጸግሞም ስድራ ክህልዉ ስለ ዝኽእሉ፡ ኣብ ቀጠባ'ውን ስለ ዝሕግዞም ኣቕዲሞም ንኽፍትሽዎ ዕድል ይረኽቡ ኣለዉ ማለት እዩ። እዚ ዓይነት መጽሓፍቲ ኣብ'ቲ ስድራ እንተ ደኣ ይኣቱ ኣሎ'ውን ኑቶም ኣብ'ታ ገዛ ዘለዉ ቁልዑ ከም ዘገልግሎም ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝዕደል ሽልማት ናይ ፍልጠት ጠቐስ ትሕዝቶ ዘለዎም መጽሓፍቲ ስለ ዝኾኑ። ትርጉም ናይቲ ሰርቲፊኬት ከኣ ኑቲ ተመሃራይ ኣጆኻ በርትዕ ቀጽል ማለት እዩ። ኢዮም ሓላፍነት ዘሰከምን ተዘኮርን ህሞት እዩ። እታ ምጽልላው'ን ኣብ ቅድሚ ኣሽሓት ህዝቢ ስሙ ምጽዋዕን እያ እታ ዝዓበየት ዓወት ናቱ።

**ሕቶ - ከም ተማኩሮ፡ ንዕወታት መንእሰያት ኣብ ቅድሚ ከምኡ'ዉ ዝኣመሰሉ መንእሰያት ኣብ ፖድየም ምድያብ ማዕረ ክንደይ ጽልዋ ኣለዎ ትብል ?**

እታ ፖድየም ኣዚያ ወሳኒት እያ። እታ ዝተረፈት ኣባል ናይ'ታ ስድራ ከምኡ ዓይነት ታሪኽ ንኽትሰርሕ ሓያል ጻዕሪ ክትገብር ግድነት እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ትምህርቲ እቲ ናይ ምጽልላው ማስርሒ ክዓቢ ግድነት ይኸውን። እምበር ንሓደ ተሸላሚ ገንዘብ ሂብካዮ ንዕኡ ትርጉም ዘለዎ'ውን ኣይኮነን። ትምህርቲ ብኸምኡ ዝዕቀንን ዝጭበጥን'ውን ኣይኮነን። መዳልያ ወይ ዋንጫ እንተ ደኣ ኩይኑ ግን ርዱእ ነገር እዩ። ንትምህርቲ 'ሉብ!' ብምባል ጥራይ ኢኻ ክትጭብጦ እትኽእል። እምበር ክንዲ ዝኾነ ይኹን መጠን ገንዘብ እንተ ደኣ ሸለምካዮ፡ ኣብ ሓንቲ ግዜ ከጥፍኣን ይኽእል እዩ። መዳልያ ግን ኩሉ ግዜ ኣብ መንደቕ ገዛኻ ተሰቒላ ስለ ዘላ ተዘኪራት ኩይና እያ ትነብር። 'እዚኣ ከምዚ ምስ ገበርኩ እየ ተሸሊመያ' እናበልካ ደጋ ንደቅኻን ካልኦትን ናብ ወሉድ እንክሎ ግን ንሕና ወጽኢት ናይቲ ኣብ ዞባ ዝኸይድ ዘሎ ማስርሒ ጉዕዞ ምምሃርን ምስትምሃርን ኢና። ኣብ'ዚ ብዝተረኽበ ዘዕገበ ወጽኢት ደጋ ንሽልም። ስለ'ዚ ታምሬዳ ክንሽልም



እንክለና፡ ኣብ'ቲ ዞባ ትምህርቲ ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎ ኢና ንግምግም ዘለና። ዞባ ከኣ በቲ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ዝተገብረ ወጽኢት እዩ ዝግምገም። ብርግጽ ከኣ እታ ዞባ ኣበየናይ ደረጃ ኣላ ይግምገም። ወጽኢት ናይ'ዚ ከኣ ንዓና እዚ ዝመጽእ ዘሎ ዓወታት'ውን ናይ ዝተወሰና ኣብያተ ትምህርቲ እዩ ክበሃል ይከኣል እዩ። ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ካብ መዐቀኒ ናይ'ዚ ዝምዝገብ ብሉጽ ወጽኢት ይተርፋና ኣለዉ። ስለ'ዚ ኩለን ኣብያተ ትምህርትና ናብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክመጽኣ እንተ ኾይነን'ውን እንታይ ክንገብር ኣለና'ን እንታይ ክገብራ ኣለወንን እንዘተየሉ ዘለና ዛዕባ እዩ። እዚ ከኣ ንብዙሕ ነገራት እዩ ዘፈትሸካ፡ ኩሉ ዜጋ ነዚ ጉዳይ'ዚ ተወሃሂዱ ክሰርሓሉ እንተ ደኣ ክኢሉ፡ ናብ ዝዓበየ መሳልል ዓወት ዘይንበጽሓሉ ምኽንያት የለን።

**ሕቶ - እሞ እዚ ብድሆ ሽልማት ታምሬዳ እዩዶ ክንብሎ ንኽእል?**

ብዓብይኡ ብድሆ ናይ'ቲ ዝኸይድ ዘሎ ማስርሒ ምምሃር ምስትምሃር እዩ። ስለ'ዚ ነዚ ኣስተብሂሎ ሂብና ክንሰርሓሉ እዩ ዘለና። ንሚ/ሪ ትምህርቲ'ዩ ዝምልከት በ'ዞባ ከኣ እቲ በዓል ቤት ሃማመተኤ ኣሉ፡ ሚ/ሪ ትምህርቲ፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ኣሎ ማለት እዩ። ኣማሓዳሪ ዞባ፡ ሓላፊ ጨ/ሚ/ትም/ዞባ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ እዚኦም ሰለስቲኦም ኩታሞም ዘዝበሩሉ ወረቐት ምስክር ደጋ ይዳለወሎም። እቲ ተመሃራይ ዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚኡ እንተ ደኣ ኣቐሚጥዎ፡ ማዕረ ክንደይ ሓላፍነት ከም ዘሸክሞ ርዱእ ነገር እዩ። ስለ'ዚ ንቐጻሊ ጉዕዞኡ ቀሊል መርኣያ ኣይኮነን ማለት እዩ። ሕጂ ኣብ'ዚ ክንርደኦ ዘለና ነጥቢ እንተ ደኣ ኣሎ፡ እቲ ሽልማት ኣይኮነን ዓቢ ነገር። እቲ ጽንብል ግን ኣብ ህይወት እቲ ተሸላሚ ኣዝዩ ዓብን ወለዶ እናተሰጋገረት ትነብር ማለት እዩ። ስለ'ዚ ሽልማት ታምሬዳ ኣካል ናይ'ዚ ትርጉም'ዚ ስለ ዝኾነ ከምኡ እናበለ ክኸይድ ንብር እዩ።

**ሕቶ - ካብ ዓመት ናብ ዓመት ክዕምዕም እንክሉ፡ ቀጻሪ ተሸለምቲ ታምሬዳ የንቆልቁል ደዩ ዘሎ ይዓቢ፣ መብርሂ ክትህበና?**

ሕጂ እዚ ኣልዒልካዮ ዘለኻ ጽቡቕ ሕቶ እንደዩ፡ በቲ ካልእ ከኣ ክብድ ዝበለ ብዙሕ መጸናዕትን ዳታን ዝሓትት እውን እዩ። ብሓፈሻዊ ገምጋም ክረአ ክጽልወና ግድን እዩ። በዚ ኣልካ በቲ ግን ብልክዕ ከም'ቲ ክንክኡና እንኽእል ኣይበድናን ዘለና። ዘዕገብ እዩ ኢልካ'ውን ትዛረበሉ ነገር ኣይኮነን። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምስ ብዝሒ ተሳታፋይ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ርኢኻ ግን ናይ ብሓቂ ይውሕደና እዩ። ኣብቲ ዞባ ንዓና ስክፍታ ዝፈጥረልና ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን። ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ንዕበየት ናይዞም ተመሃሮ ብቕጻሊ እንገብሮ ማስርሒ ንጥፈታት እውን ኣሎ። ኣብ ጉዳይ ናይዞም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሖም ዘለዉ ተመሃሮ'ውን 'ከመይ ዝበሉ እዮም' ዝብል ዓቢ ሕቶ ነልዕል ኢና። ምኽንያቱ ብጹታ፡ ብብዝሒ ብኹሉ መልክዑ ክትዕቅብን ክትግምግምን ስለ ዘሎ፡ ጸባሕ ንግሆ ኣብ ትምህርቲ ሃገራት ንኽይፍጠርን ንምሕያሉን ዚ ኢና ክንርኢ ዘለና። ስለ'ዚ እዞም ዕዉታት ዝበዝሑ ዘለዉ ተመሃሮና፡ ናብ ሓደ ብዝሒ ዝዛዘወ ክኾኑውን የብሉን። ምስ ብዝሒን ብዙሕነትን ብዘራት ናይ'ዚ ዞባና ናይ ብሓቂ ይውሕደና እዩ። ኑቲ ጠንቂ ንምልላይ ከኣ ብቐንዱ ንድሕሪት ተመሊስካ ክትርእዮን ክትፍትሾን እዩ ዘለካ። ስለ'ዚ ኩለን ብዘራትና ኣብ ትምህርቲ ብምዕሩይነትን ዝለዓለ መንፈስን ተሳታፍነተን ከረጋግጻሉን ክሓይላሉን ዝኽእላ ጻዕርታት ክፍጠር ናይ ኩሉ ኣካላት መንግስትን ሕብረተሰብን ሓላፍነት ስለ ዝኾነ፡ ምስ ኩሎም ኣካላት እናተዘራረብናሉ ንኸይድ ዘለና ጉዳይ እዩ። ስለ'ዚ ገምጋምትና ክሳብ ሕጂ ከም'ቲ ዝድለ ዘዕገበና ኣይኮነን። ብቐጻሊ ክንሰርሓሉ ዘለና ጉዳይ እዩ።



ኣልካ ዝግደፍ ዕማም ኣይኮነን። ንዋንነት ናይ መንእሰያት ዘኪታተል ንሃማመተኤ ዝግደፍ ስራሕ'ውን ኣይኮነን። ናይ መላእ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ግንባር ብውህደት ክሰርሓሉ ዘለዎ ዕዮ ገዛ እዩ ክብሎ ይኽእል እዩ።

**ሕቶ - ዕላልና ቅድሚ ምዝዛምና፡ ብዛዕባ እዚ ሽልማት እትብሎ እንተ ደኣ ኣሎካ ዕድል ክህበካ?**

እዚ ሕጂ ኣብጊሰናዮ ዘለና፡ ተወዳዳርነት መንእሰያትና ዘዕቢ ስራሕ ክቕጽልን ክሕይልን ኣለዎ በሃላይ እዩ። ኮማዊ ኣበርክቶ ማለት ወሊዲ ኣብ ምክትታልን ምትብባዕን ደቆም እንተ ደኣ ነጠፎም ኑቲ ዝድለ ዓወት ቀረባ ኢና። ኑቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ዝሰርሓሉ ስሉሳዊ ዝምድና መምርሒታት ኣብ ተግባርን ብልክዕን ክንሰርሓሉ እንተ ደኣ ክኢልና ማለት እዩ። እዚ ዘመልከተልና፡ ኣስተዋጽኦን ጻዕርታትን ክንገብር እንተ ደኣ ክኢልና፡ ብልክዕ እቲ ሃገር እትደልዮ ባህጊ ክውቃዕ ይኽእል እዩ። ትምህርቲ ናይ ማንም ኣይኮነን፡ መሳልል ናይ ሓደ ዜጋን ሃገርን እዩ። ከም'ቲ ሊቃውንቲ “ሃገር ከተጥፍእ እንተ ደኣ ደሊኻ ትምህርቲ ኣጥፍእ” ዝበልዎ፡ ሃገር ክትህሉን ዘይክትህሉን ኣብ ትምህርቲ ዝምርኮሰ እዩ። ትምህርቲ መሰረታዊ ነገር ብምዃኑ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሕብረተ-ሰብ ክህሉ ዘለዎ እዩ። ኣብ ሕብረተ-ሰብና ኣቦታትና'ውን ቀደም ዕድል ናይ ትምህርቲ ከይረኸቡ እንከለዉ እውን “ዘይተወቕረ ኣየጥሕን፡ ዘይተማህረ ኣየድሕን” እናበሉ እዮም ዝምስሉ ነይሮም። ንሶም እኳ ኣብ'ቲ ቀደም ኣጋጣሚ ትምህርቲ ተረዲኦምዎም ከም'ዚ ዓይነት መግለጺ ዝሃቡ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዓለም ብቴክኖሎጂን ትምህርትን ኣብ እትሕንበበሉ ዘላ ግዜ፡ መንእሰያትና'ውን ናይ'ዚ መኣዲ ተኻፈልቲ ኩይኖም እናሃለዉ፡ ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ገና ስራሕ የድልየና ከም ዘሎ ርዱእ እዩ። ንብዕሎም እቶም ተመሃሮ ብትምህርቲ ክኮናጸፍዎ ዘለዎም ግቡእ መረዳእታ ይጎድሎም ስለ ዘሎ፡ ናይ ኩላትና ጻዕሪ ክዓዝዘን ክዕብን ከም ዘለዎ ጥራሕ እየ ክሳብ ዝኽእል።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ትምኒት ኪዳ ዓንደ ምባል ተረፉ ኣራኝሺ ኪዳ ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድ ሮሞዳን ናስር ሳልሕ ምባል ተረፉ ሮሞዳን ናስር ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን 6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቃሰም ሓሰን ዑሰማን ምባል ተረፉ ቃሰም ዓብደልቃደር ዑሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ምም/ከበ. ማይ ዓይኒ ዚፕ 1A714/100/165 ኣብ ከምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ካርታ ወረቐት 115607፣ መወከሲ ቁጽሪ 122465/122466 ከም ኡ'ውን ኣብ ፓብሊክ ኖታሪ ንብረት ቁ.መዝገብ 7234/22 ብስም ኣደይ ነፍ/ኣለም ተስፋይ ትኩእ ዝተመዝገበ ዓሰርተ ሸሞንተ ክፍልታትን ሸውዓተ ተሓጋገዝቲ ክፍልታትን ዝሓዘ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብውህብቶ ካብ ኣደይ ዝተወሃበኒ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘየለ ግን ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር።

ኣብርሃም ኣስፍሃ

ኣመልካቲ ኣቶ ጉብረሚካኤል ኣብርሃ ዕቑቡን ስምኦን ጉብረኣምላኽ የማነ ኣድራሻና ኣብ ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ዚፕ 1A131 መለለዪ መሬት ASP00008021 መለለዪ ገዛ ASD00009483 ኣብ ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁጽሪ መዝ/5626/2017፣ ጠቕላላ ስፍሓቱ 399.00 ስሩሕ ስፍሓት ዓሰርተ ክፍልታትን ኣርባዕተ ተሓጋገዝትን ክፍልታትን ዝተመዝገበ ገዛ ክልቴና ሰብ ንብረት ክንምቕሎን ከመሓላልፎን ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይለ ግና ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና እሕብር።

ኣቶ ጉብረሚካኤል ኣብርሃ +1

### 2ይ ሓራጅ

ብፍ/በ/መሰል ———————— ወ/ሮ ገጸህቲ ኪዳ

ብፍ/በ/ዕዳ ————————— 1.ወ/ሮ ምልእተ ጉብረእግዚኣብሄር

2. ኣቶ ስምኦን ተስፋይ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ገጸህቲ ኪዳ ብፍ/በ/ዕዳ 1.ወ/ሮ ምልእተ ጉብረእግዚኣብሄር 2. ኣቶ ስምኦን ተስፋይ ዝበረ ክርክር ናይ ገንዘብ ንብረት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነ ብ2ይ ሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ እዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ዝርዝር ንብረት ብኽኢላ ማጠቓለሊ ዋጋ 83.000.00 (ሰማንያን ሰለስተን ሽሕ ናቕፋ) እዩ። ስለ'ዚ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ካብ ዝቐረበ ግምት ¼ ኣስራብ ወይ ተጠራቓሚ ሕሳብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ ማጠን ገንዘብ ብፈደልን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ።

ዝርዝር ዓይነት ንብረት፦

1.ካተር መቑረጺ ———————— ———— ዋጋ 1.500.00 ናቕፋ
2. ቶርኖ ናይ ሓጺን ዓባይ——————— ዋጋ 15.00.00 ናቕፋ
3. ቶርኖ ናይ ሓጺን ማእከለይ ——————— ዋጋ 15.00.00 ናቕፋ
4.ሳልዳትርሺ ብስልኪ ትልሕም ——————ዋጋ 2.500.00 ናቕፋ
5. ፍርጅ ናይ ሓዊ ——————————— ዋጋ 2.500.00 ናቕፋ
6. ኢንክዳኖ ናይ ጥሶ ————————————ዋጋ 4.000.00 ናቕፋ
7. ትራፓኖ መንከሊት ————————————ዋጋ 2.000.00 ናቕፋ
8. እስክርባኒያ ናይ ኦፈስ ——————— ዋጋ 500.00 ናቕፋ
9. መጥፍኢ ናይ ሓዊ ——————————————ዋጋ 100.00 ናቕፋ
10.ትራፓኖ ——————————————ዋጋ 2.000.00 ናቕፋ
11.ሚክሰር ፋሕ ዝበለ ክልተ ሓብ ————————ዋጋ 10.000.00 ናቕፋ
12. ትራንቫ መቑረጺ ——————————————ዋጋ 2.500.00 ናቕፋ
13. ሚዛን ፋሕፋሕ ዝበለት ————————————ዋጋ 3.000.00 ናቕፋ
14. ግራሳቶረ መጽረቢት ———————— ዋጋ 150.00 ናቕፋ
15.ኮምፕረሳረ ዲናሞ ዘይብሉ————————ዋጋ 2.250.00 ናቕፋ
16. ባራንኮ ——————————————ዋጋ 1.500.00 ናቕፋ
17. ካሳፎርቶ ናይ 80 ኪሎ ———————ዋጋ 2.000.00 ናቕፋ
18. ካሳፎርቶ ናይ ኩንታልን ፈረቓን 2 ሓብ ———ዋጋ 6.000.00 ናቕፋ
19. ካቤቲ 4 ሓብ ———————————————ዋጋ 1.500.00 ናቕፋ
20. መቑረጺ ላሜራ ——————————ዋጋ 7.500.00 ናቕፋ
21. መጠቕለሊ ላሜራ ——————————ዋጋ 7.500.00 ናቕፋ

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ቁ/64 ቀሪቡ ክውከስ ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይ ኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን እዩ።

ቦታ ጨረታ፦ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/27
ዕለት ጨረታ፦ 21/05/2025
ሰዓት ጨረታ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቐ


ፈጻሚ ፍርዲ



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ሮማ ዑቕባጋብር ሃይሉ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ዝበጻሕኩማን ኣብ ጸዕዳክርስቲያን ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከብኩ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።


ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



### ምስጋና

ብሞት ወድና ተማሃራይ ወልዱ ሃይለ ኣብል ሃ/ ኣገልግሎት 34 ተማሃራይ 4ይ ዓመት ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ ቐይሕ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ክሳብ ወጡሕ ብምኻድ ዘቃበርኩምና ሳዕለምት ሓለፍቲ፡ መማሃራንን ተመሃሮን ኮሌጅ፡ ውልደ-ክህነት፡ መሳርሕቲ ወለድን ኣሕዋትን፡ ፈተውቲ ከምኡ'ውን ካብ ዕለተ ሞቱ ጀሚርኩም ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ካብ ጎንና ከይተፈለኹም ዘተሓዘንኩምናን ዘጸናናዕኩምናን ብምሉኣትኩም የቐንየልና ክብረት ይሃብልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ወለዲ ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ናይ ዕድመ ብጻይቲ ጺጋ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ጸሃይቱ ሃይለ ጎይትኦም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጉራዕ ዘቃበርኩምና፡ ብኣካል እናተመላለስኩም ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ስድራ-ቤት ነ/ሄር ኣብርሃ ጉብረስላሴ



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ኣዴና መምህርተ ሚካኤል ሃይለ ኣብርሃ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ጸጸራት ኣስመራ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና እናተመላለስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንዞባ ዓዲተኪሌዛን ናይ ምርሒት ዝተዋህበ መሬት ሓደ ገዛ ዝተሰርሐ ናይ ሓፍተይ ትዕበ ኣስገዶም በራኺ ብውህብቶ ስለ ዝሃበትኒ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ይቕረብ።

ኣቶ ዓንደማርያም ኣስገዶም በራኺ

ኣመልካቲ ኣነ ሃይለ ተኽለሚካኤል፡ ብቁ/ፍ/ዊ.ን KEL0008822 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰብ ከረን ዝርከብ ናይ ኪሰኮ ትካለይ ንወ/ሮ ሰንበቱ ሃይለ ኣስፍሃ ካብ 1/1/24 ክሳብ 31/12/26 የካርያ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክት ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልትታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። ዝቃወም ምስ ዘይህሉ፡ ተቓዋሚ ከምዘየለ ተቖጺሩ ናይ ክራይ ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ የፍልጥ።

ሃይለ ተኽለሚካኤል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣቶ የውሃንስ ተኽለኣብ ጉብረሚካኤል፡ ኣደይ ዝፋን ሃይለ ተስፋገርግሽ ስለዝዮረረት፡ ኣነ ምስ 2+ ህልዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ክረጋገጸለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ጀመር ተስፋምርያም መሰገኑ ተኸሳሲት ኣዜብ ጉብራሂወት፡ ንምምዝትዓት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ንሕብር፡፡

ሳምራዊት የናስ ኣማረ ምጓል ተረፉ ሳምራዊ ተወልደ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳራ ተከኤ ተስፋዝጊ ኮኾባ ሕድሪት ካፍል ምጓል ተረፉ ለተሰላሰ ሕድሪት ካፍል ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ መብራሂቱ ተስፋጋብር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሄኖክ መረስዕ ባህልበ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡

ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ መብራሂቱ ኣበ ተፈሪ 1. ኣቶ ዘርኣብሩኽ መብራሂቱ 2. ኣቶ ዋልታ መብራሂቱ ወኪል ወ/ሮ ዛይድ ጉብረኪዳን ብተቓወምቲ ወረ/ፍ ጀነራል ኣበ ተፈሪ ወ/ፍ ኣስለማርያም ንጹዓ ተቓዋሚ ውሳነ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዝኸፈቱ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲ ኣቶ የናስ ሃይለ ሃብቱ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ጸሃይኸ ሃይለኣብ ዥረኣብ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ፍናን ተኽለሚካኤል ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ የማነ ተኽለ ደሞዝ ስለዝዮረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከአ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ኖህ ሰናይ ግደይ መንገሻ ፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ፍስሃጼን ጉብረመድህን ሰጊድ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/5/25 ኣብ 8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ዓዲ ኳዕዳድ

ሚካኤል/ሾርኪ ዑቕባትንሳኤ ዙርያስ ምጓል ተረፉ መርሃዊት ዑቕባትንሳኤ ዙርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልማዝ መርሃይ ወልደትንሳኤ፡ ኣደይ ለተብርሃን ወልዳይ ንጉሰ ስለዝዮረረት፡ ንወላዲ ኣቦና ኣቶ መርሃይ ወልደትንሳኤ ናይ መጸምዲ ማሰሉ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናትናኤል ተወልደ ሓይለም ምጓል ተረፉ ይከኣሎ ተወልደ ሓይለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መዘት ተኽለ ብርሃ ምጓል ተረፉ መዘት መሓሪ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሮቤርጼን ጴጋይን ወ/ሮ ርሻን ክፍለን፡ ኋልና ዊንታ ሮቤርጼን ጴጋይ ስለዝዘተሰወአት፡ ንሕና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል የማነ ጸጋዝኣብ፡ ተኸሳሲ ዶክተር ወልደጋብር ተስፋማርያም ሃይለሚካኤል፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡

ልችያ ተወልደመድህን ዓንደሚካኤል፡ ሓፍተይ ኣሰፋሽ ተወልደመድህን ዓንደሚካኤል ስለዝዮረረት፡ ኣነ ምስ 23 ደቂ ሓወይን ሓፍተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ት ኣልማዝ ብርሃ ጉብረስላሴ ምጓል ተረፉ ቅዱት ብርሃ ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣስገደት ተኽልኣብ ጉብረዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ጉብረዝጊ ኪዳን ስለዝዮረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቀይ ከአ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍርቱና ማሻን ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋኣለም ሰለሙን ተስፋእያሱስ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ከአ ወረሰት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ዑቕባሚካኤል ርእሶም ዳደር፡ ብምዝት

ዑቕባሚካኤል ርእሶም ዳደር ምጓል ተረፉ ዑቕባሚካኤል ርስየም ዳደር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ማና ተስፋማርያም ካሕሳይ ምጓል ተረፉ ማና ኣለምሰገድ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምንያ ደቦሳይ በርሀ ምጓል ተረፉ ሪታ ደቦሳይ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ጎይት ወልዱ ሃብትዝጊ፡ ተኸሳሲ ኤልያስ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረየሱስ፡ ብዓል ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሂወት መብርሃቱ ኣድሓኖም ምጓል ተረፉ ሂወት መብራሂቶም ኣድሓኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሂወት ብርሃ ፈረደ፡ ብዓል ቤተይ ጴጋይ ሰዩም ውሬታ ስለዝዮረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 2 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጴጋ ጉብረእግዚኣብሄር ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ኣላሮ ንጉሰ ስለዝዘተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 8 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣለም ንጉሰ ኣባይ ምጓል ተረፉ ንያት ኣለምንጉሰ ኣባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ማሕፋዛ ኣንዋር፡ ብዓል ቤተይ በሸር ከሊፋ ስለዝዘተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከአ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላ ዒላበርዕድ

ኣቶ በረኸት ተስፋ ሕሉፍ፡ ኣሞይ ለተጸዮን ሓሳፉ ሓጂ ስለዝዮረረ፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሶፍያ በሽር ዓብደሉ ስም ኣደይ ኣምና መ/ደዓሊ ማሕሙድ ምጓል ተረፉ ፋጥና መ/ደዓሊ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዓሻ ሓሰበ ሐሙድ፡ ዓሻ ሓሰበ መሓመድ ምጓል ተረፉ ዓሻ ሓሰበ ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ሳህለ ጉብረ፡ ብዓል ቤተይ ዓንደብርሃን ኣብራ ማሰፍን ስለዝዘተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከአ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መብራት ሰንጋል ሳህለ ምጓል ተረፉ ምሕረት ሳህለ ጉብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ዘዮቦ ኣሰፍሃ ሰለሙን ምጓል ተረፉ ዘዮቦ ኣሰፋው ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ ጸገ ኢያሱብ ወልዳይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሃይማኖት ክፍሉም ስለዝዮረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወይ፡ 4 ደቅና ከአ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ጴጋይ ግደ መጓሹ፡ ኣደይ ግደይ ለገሰ ሓጎስብ ስለዝዮረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መድሓኒት ሃብተስላሴ፡ ኣደይ ዋሕዙ ቀለታ ዑቕባይ ምጓል ተረፉ ዋሓዘት ጊላገርግሽ ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብርሃ ተኽልዝጊ ተስፋሃንስ ምጓል ተረፉ ሂብል ተኽልዝጊ ተስፋሃንስን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ለተንጉስ ተኽልዝጊ ተስፋሃንስ ምጓል ተረፉ ሰናይት ተኽልዝጊ ተስፋሃንስን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተከኤ ኢሳቅ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ሰገነቱ ተስፋማርያም ተኽለ ስለዝዮረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ወደይ ፍትሓዊ ዘርኢት ምጓል ተረፉ ፍትሓዊ ዘርኢጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ታርከ መሓመድ ኣሕመድ ምጓል ተረፉ ታርከ ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገርጃ ጉብርሂወት ጉብረሚካኤል፡ ስም ወላዲተይ ውዳስ ተ/ቀሰ ምጓል ተረፉ ውዳስ ተስፋማርያም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ “ፈጠራቲ ሓሳብ ንምዕባለ ሕብረተሰብ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ምህሮን ሰገናን ዝቐንዐ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ብኣጋጣሚ መበል 34 በዓል ናጽነት ከኣንግድ ምኻኑ ንገዱሳት ይሕብር፡፡ እዚ ውድድር መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣብ ምህሮን ሰገናን ከካየዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት ኮይኑ፡ ቀጻልነት ዘለዎን ዘየቋርጽን ክኸውን ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክሰርሓሉ ምኻኑ’ውን ይገልጽ፡፡

እቲ ንውድድር ዝቐርብ ፈጠራዊ ሓሳብ ክማልኦም ዘለዎ መሰረታዊ ረቛሒታት፦

*ኣብ ሃገርና መበቈላውነት (originality) ዘለዎ ወይ ወሰኽ ክብሪ (Value Addition) ዝሁብ
* ንማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ዝፍትሸን ብዘቐለለ መገዲ ዝፈትሕን
*ናብ ዝቐጻቢ ለውጢን ምምሕያሽን ዝመርሕ ወይ ዘኣንፍት
*ንኽትርድኦ ቀሊል፡ ዘይተሓላለኽን ክትብርሃሉ ዘጸግምን

ኣብዚ ውድድር ክትሳተፉ እትደልዩ ግዱሳት፡ ቅጥዒ ቁ/1 ኣብ ዞባ ማእከል ካብ ማእከል ምህሮን ዋኒንን (ጁንየር ክለብ) ኣብ ዞባታት ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ዞባ ብምውሳድ ክሳዕ 10 ግንቦት 2025 ኣብ ዘሎ ግዜ መሊእኩም ክትሰዱ ንሕብር፡፡
ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ናብ ማእከል ምህሮን ዋኒንን ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ 120447/ 123419 ክትወከሱ ትኽእሉ፡፡

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ

# ዘዕባ ሎሚ

(መበል 11ን መወዳእታን ክፋል)

ኣሴር ሰለሙን

## ዝኽሪ ሚያዝያ
## ስልጡን ህዝቢ - ሕማቕ ዕጫ



Addis Ababa, Ethiopia: By Dawn Tens of Thousands Had Lined Up To Cast Their Vote



*ብኢጋጣሚ ዝኽሪ 32 ዓመት ረፈረንዱም (ሚያዝያ 1993) ከምኡ'ውን ማበል 22 ዓመት ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ፥ ኤርትራን ኢትዮጵያን (ሚያዝያ 2002)፥ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ናጽነትን ድሕሪ ናጽነትን ዝሓለፎ ብደሃይታት ንምዝኽኻር፥ ካብ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ጀሚሩ ክሳብ ናጽነት ኤርትራ (1991) ዝተሓለፈ መድረኻት ታሪኽ ብሓጺር ገሊጹ፥ ድሕሪ ናጽነት፥ እንተቐደ ልኡላውነት ኤርትራ ንምቕልባስ እንተዘይተቐደ ንህዝቢ ኤርትራ ገሪፍካ ኣንበርኪኻካ፥ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዞባዊ መልሕቕ ምዕራባውያን ዝኾነት ኢትዮጵያ ንምእታው፥ ብዶብ፥ ተሳቢቡ ናብ ዝተወልዐ ግጭት ብምኽንያት ከኣ ኩናት ብስዕረት ዘፍ ኢሉ፥ ጉዳይ ዶብ፥ ናብ መጋባእያ ፍርዲ ኣምሪሑ ብዩን ከምዝተዋህቦ ብዝርዝር ኣብሪሑ። ድሕሪ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፥ ትግባረ ብዩን ንምዕንቃጽ ዝተኻየደ ብዙሕ ሃቐንታት ማሕይታኡ ዝነበረ ዘመተ ምስዓጣንን ደርጓር እገዳታትን እውን ተንቲኑ። መቐጸልታኡ ይስዕብ—*

ከምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ዝተገልጸ እምበኣር፥ እዛ ዘለናያ ወርሒ ሚያዝያ፥ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፥ ብኽልተ ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመታት እያ ትዝከር። በቲ ኣብ 1993 ዝተኻየደ ልኡላውነት ህዝቢ ኤርትራ፥ ብድምጺ ህዝቢ ሕጋውነቱ ዝደርዓሉ እጹብ ድንቂ ፍጻመን በቲ ኣብ 2002፥ ድሕሪ ሓያል ወተሃደራዊን ሕጋዊን መኸተ፥ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ ብዩን ዝረኸበሉ ዓወትን።

ቅድሚ 30 ዓመት፥ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝነበረ መዓልታት፥ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሽጢን ወጻኢን ኑቲ መሪር ቃልሲ ኣሕሊፉ፥ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፥ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ዘረጋገጾ ሰብኣዊን ሃገራውን መሰሉ፥ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ፥ ረፈረንዱም ብምክያድ፥ ብድምጹ ሕጋውነቱ ኩሉ፥ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ከም ህዝብን ሃገርን ብዕሊ ዘረጋገጸሉ፥ ፍሰሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ቅንያት እዩ ነይሩ።

ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከምዝተገልጸ፥ ግዝኣተ ሕጊ፥ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ኣብ ስነ-እምነት ህዝቢ ኤርትራ፥ ዓሚቑ ሰሪት ዝሰደ፥ ንዘመናት ተኸብኪቡ ዝተሃንጸ ባህልን ልምድን ድማ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣቦ ከበኡ ጽሑፍን ዘይጽሑፍን ሕግታት ዝነበሮ፥ ብሕግታት እንዳ እናተዳኸየ ንሕጊ እናተማእዘዘ፥ ብስልጡን ኣገባብ ዝመሓደር ዝነበረ ስልጡን ህዝቢ'ዩ። እንተኾነ እዚ ዘይናቱ ዘይደለ፥ ዓመጽን ጎሃጽን ዘይፈቲ፥ ብሕግን ስርዓትን ምንባር ዝልማዱ ስልጡን ህዝቢ፥ ሕማቕ ናይ ታሪኽ ዕጫ ኮይኑ፥ ኣብ ታሪኹ፥ ግዝኣተ ጫካ ብዘጸምኑቶም ተጻብኦቲ፥ ቀጻሊ ወራራትን ዝምታን ኣንጻር ባህርያቱ ዝኾነ ከበድ ዓመጽን ሮግጽት ሕጊን'ዩ ገጢምዎ።

ሓደ ካብ ደረኽቲ ረቛሒታት ናይቲ ዓመጽ፥ ዓይኒ ገበት፥ ዝስሕብ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ጸጋታትን ኤርትራ ምኻኑ ርዱእ እዩ። ኤርትራ ዝወሓለ ገምገም ናይቲ ቀንዲ ኣህጉራዊ ንግዳዊ መስመር ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ስለ እትውንን፥ ብፍላይ ድሕሪ ምዝርዛር ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ጉዳይ ልኡላውነታ መዋጺ ረብሓታት ናይቶም ዝ. ወሰናስን'ዚ ክቈጻጸሩ ዝደልዩ ርእሰ ሓያላን እዩ ኮይኑ። በዚ ድማ'ዩ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፥ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ኣብ ዝላቐቓሉ ዝነበራ፥ ግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ፥ ንኤርትራ ብስም ፈደረሽን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብምቕራን፥ ናብ ኢትዮጵያ ክትጥቕለል ፈሪዱዋ።

ህዝቢ ኤርትራ፥ ከምቲ ባህሉ፥ ኣብ ዓለማዊ ሕጊ ብዝሕደሮ ጽኑዕ እምነት፥ ነዚ ዓመጽ'ዚ፥ ፈለማ ብሕጋውን ሰላማውን ኣገባብ'ዩ ተቓዊምዎ። ዝረኸቦ መልሲ ግን ብኣንጻሩ'ዩ ነይሩ። ገዛእቲ ኢትዮጵያን ጎይቶቶምን ንሕቶ ማሰል ህዝቢ ኤርትራ፥ ብስሩዓት ሓይሊ ክደቕስዎ ሃቀኑ። እቲ ካብ ኩሉ ዘርግም ከኣ ወኻሊ ማሕበረሰብ ዓለም ሕቡራት ሃገራት፥ እቲ ባዕሉ ዝወሰኖ ብዩን ፈደረሽን ተጣሒሱ፥ ቅሉዕ ዓመጽ እናተፈጸመ፥ ዓይኑ ዓሚቱ ከምዘይረኣየ ኮይኑ ምምራጹ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ፥ ማሰል ርእሰ ውሳኔኡ ንምርግጋጽ ብዘይካ ዕጥቃዊ ቃልሲ ካልእ ኣማራጺ ኣይተሓደገሉን። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ከኣ ኑቲ ኣብ 40ታትን 50ታትን ንማሰል ርእሰ ውሳኔኡ ዘየደ ሕጋዊ፥ ሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ፥ ናብ ካልእ ዝተፈልየ ምዕራፍ ብምስግጋር፥ ብጦሮእ ቅልጽሙ ብብረታዊ ቃልሲ ማሰሉ ከረጋግጽ፥ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎ ኸፈተ።

ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፥ ቀዳሞት ኤርትራውያን ተጋደልቲ፥ ሰንደቕ ሃገራዊ ቃልሲ ብምልዓል፥ ሕድሪት ዘኖፍቅድ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዘገዝዱሉ እኳ እንተነበረ፥ ከም ዝኾነ ታሪኻዊ ማስርሕ፥ እቲ ቃልሲ፥ ካብ ፈለሙ ዓወት ዘኮናጽፍ ብቐዓት ኣማሊኡ ኣይነቐለን። በዚ ምኽንያት ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ቃልሱ ከዐውት ዝኽእል ብቑዕ ውድብ ንምፍጣር፥ ብርሱን ውሽጣዊ ቃልሲ ክሓልፍ ግድን'ዩ ነይሩ።

በዚ ወሽጣዊ ቃልሲ'ዚ ዝተፈጥረ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ከኣ፥ ሃገራዊ ቃልሲ ከዐውት ዝኽእል ቅኑዕ መስመር ብምሓዙ፥ ንመላእ ህዝቢ ዘሰመረን ሓድነቱ ዘትረረን ሰፊሕ ናይ ቃልሲ ባይታ ብምፍጣር፥ ሓደ ካብ ዓበይቲ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዓለምና ክኸውን በቒዑ፥ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ዋጋ ዝኸፈለሉ ቃልሲ ብኣንጸባራቒ ዓወት ኣብ ምዕራፉ ኣብጺሑዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቀጽሪ ህዝባዊ ግንባር ተጠርኒፉ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ኣብ ዘየደሉ እዋን፥ ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ፥ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፥ ጾታ፥ ቀቢላ፥ ቋንቋ፥ ባህልን ማሕበራዊ ቦታን ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንጋስ፥ ኩሉም ዜጋታት ከም ዕላማ ዝወሰድዎ፥ ዝኣምኑሉ፥ ዝምርሓሉ፥ ዝሰኸሉሉን ዝሰውኡሉን መትከላት ብምምዕባል፥ ብመንኩቱ ዝሕበነ፥ ኣብ ገዛእ ሰብኣዊ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማን ዘለዎ፥ ብርቱዕ ህዝባዊ ስነ-እምነት ክፈጥር በቒዑ እዩ። ኑቲ ዓለም ዘይከኣል ዝበሎ ቃልሲ ኣንጻር ሓያላን ከምዝከኣል ዝበበረ ከኣ፥ ብቐንዱ እዚ ክብርታት'ዚ እዩ።

ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ዝቃለሰሉ ዝነበረ ነዊሕ ዓመታት፥ ሰቕታ ማሕበረሰብ ዓለምን ደገፍ ኣሳሰይቲን ዘሻደናም ስርዓታት ኢትዮጵያ፥ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ግፍዕታት እዮም ፈጺሞም። እንተኾነ ግፍዕታቶም ንህዝቢ ኤርትራ ኣርዒዱ ከንበርክኾ ኣይከኣለን። ንሰውራ ኤርትራ ወዲልና ሓዲርና ክንደምስሶ ኢና ዝበል ግኑይ ቅማረ ስለዝነበሮም ከኣ፥ ጉዳይ ኤርትራ ብስልጡንን ሕጋውን መገዲ ንምፍታሕ ዝርኣይዎ ቅሩብነት ወይ ዝወሰዱዎ ተበግሶ ኣይነበረን። ምርጫኦም ንፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ምጭፍላቕን ዳግም ከም ዘይልዓል ምግባርን ጥራይ ስለ ዝነበረ፥ ዘይተኣደነ ሓገዝ ርእሱ ሓያላን ኣመሪኻን ሕብረት ሶቭየትን እናሰሓቡ ነዊሕ ተረባሪቦም። ብኣንጻሩ ህዝቢ ኤርትራ፥ ማሰሉ ንምርግጋጽ፥ ብረት ኣልዒሉ ኣብ ዝምክተሉ ዝነበረ ግዜ እውን እንተኾነ፥ ጉዳይ ኤርትራ ብሰላማዊን ሕጋውን ኣገባብ ክፍታሕ ደጋጊሙ ካብ ምጽዋዕ ኣይተቖጠበን። መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፥ ኣብ ሕዳር 1980 ዓ.ም. ዘቕረቦ እማመ ረፈረንዱም ሓደ መርኣያ ናቱ እዩ። ሰሚዒ እዝኒ ግን ኣይረኸበን።

ኣብ መወዳእታ ግዱ ኩሉ ተፈቲኑ፥ ስሩዓት ሓይሊ ንሓቂን ፍትሒን ክጥፍእ ኣይተኻእሎን። ወተሃደራዊ ዕንደራ ገዛእቲ ኢትዮጵያን ዘራያቶምን ድማ ኣብ መኸተ ፍትሒ መኺኹ። ህዝቢ ኤርትራ፥ ኣብ ዓለምና ሓደት መዳርግቲ ጥራይ ብዘለዎ ኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት፥ ብጦሮእ ቅልጽሙ፥ ኣኽሊል ሓርነቱ ደፊኡ። እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ፥ እምነቱ ኩሉሳዕ ኣብ ሕጊ'ዩ ዝበረ። ክንዲ ዝኾነ ድሕሪ'ዚ ኣዝዩ ዘኸርዕ ዓወት'ዚ እውን ብሓይሉ ኣይተጸቐተን። ብጦሮእ ፍቓዱ፥ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ ዝሳተፍዎ ህዝባዊ ረፈረንዱም ዓዲሙ፥ ብምዕሩግን ስልጡንን ኣገባብ፥ 99.8% "እወ ንናጽነት" ብምድማጽ፥ ኑቲ ብተኣምራታዊ ወተሃደራዊ ቅያ ዘረጋገጾ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ኩሉ፥ ግቡእ ሃገራዊ ክብሩ ኣረጋገጸ።

ወጽኢት ረፈረንዱም ኣብ ዝተገልጸሉ ቅንያት፥ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፥

**"ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ድሌቶም ብሕጋውን ሰላማውን መገዲ ከይገልጹ ንነዊሕ ዓመታት ተሓሪምዎም ጸኒሖም እዮም። በዚ ከኣ ከበድ ዕንወት ዘስዓበ ነዊሕ ኩናት ተኻይዱ። እዚ ረፈረንዱም'ዚ እምበኣር፥ ኣብ ክንዲ ድሌት ህዝብታት ንምዕማጽ ሓይሊ ምጥቃም፥ ጉዳያት ብፖለቲካውን ሰላማውን መገዲ ምፍታሕ ስልጡን ኣገባብ ምኻኑ ንኹሉ ትምህርቲ ዝህብ'ዩ" ክብል ገሊጹ ነይሩ።**


ብርግጽ ደማ ዓቢ ትምህርቲ እዩ። ስሩዓት ሓይሊ፥ ጉዳያት ኪ-ሓሳለ'ኽን ከምርርን እንተዘይከይዱ፥ ፍታሕ ዘምጽእ ከምዝይከኣሉ፥ ኣብ ዞናን ኣብ ዝተፈላለየ ከበቢታት ዓለምናን እንርእዮ ዘለና ነውጺን ዕግርግርን ምስክር እዩ።

እዚ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ፍጻመ ዝኾነ ረፈረንዱም፥ ኣብ ግዜኡ ዘመሓለልፎ ሓቂ እንተነይሩ እምበኣር፥ ሓቂን ፍትሒን ጸሊው ዝቃለሶ ንቑሕ ህዝቢ ክሳብ ዝረኸበ፥ ብስሩዓት ሓይሊ ክድረፍና ከምዘይክእል እዩ። እንተኾነ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርግ ብደገፉ ህዝቢ ኤርትራን መሪሕ ውድቡን መንበረ ስልጣን ኣዲስ-ኣበባ ዝተኻእ ስርዓት ወያነ እውን ካብዚ ዓቢ ተሞክሮ'ዚ ኣይተማህረን። ሕጊ ኣልቦት ቀዳሞት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ወሪሱ፥ ብስሩዓት ሓይሊ፥ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ፍትሒ ከዐውት፥ ካብ 1998-2000 ኣብ ዝነበረ ክልተ ዓመታት ብዶብ ኣሳቢቡ ንህዝብን ሃገርን ኢትዮጵያ ዝኸሰመ ከበድ ቅዝፈትን ዕንወትን ዘኸተለ ማጠኒ ሰፊሕ ወራራት ኣካይዱ። ግን ኣይሰለጦን። ህዝቢ ኤርትራ፥ በቲ ፍሉጥ ናይ መኸተ ያታኡ፥ ኑቲ ግዙፍ ወተሃደራዊ ዕንደራ ኣምኪኑ ከምቲ ልማዱ፥ ኑቲ ስርዓት ኣብ ሕጊ ከምዝደኖን ገይሩዎ።

እቲ ስርዓት ከም መመኻኻሲ ዘቕረቦ ጉዳይ ዶብ፥ ኣብ ሕጋዊ መጋባእያ ቀሪቡ ብ13 ሚያዝያ 2002 ብዩን ተዋዲኡዎ። ወርሒ ሚያዝያ ድማ ዳግማይ ንልዕልና ሕጊ ማስከረት። እንተኾነ ማስርሕ ዳንት ፍትሒ ምስ ኣድመጸ እውን እንተኾነ፥ መንግስቲ ኢትዮጵያን ደገፍቱን ልዕልና ሕጊ ክቕበሉ ትብዓት ኣየርኣዩን። ኣብ ወዳእ ጉዳይ፥ ካብ ፈጸሚ ሕጊ ክሃድሙ ነዊሕ ኣዕለብጦም። የጉዳስ ካብ ሕጊ ንምህዳም ዝተገብረ ኩሉ ዓይነት ፈተነታት፥ ዘዋጽእ ኮይኑ ኣይተረኸበን። ግዜ ድማ ናቱ መልሲ ሒዙ መጺኡ።

ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያ በቲ ንረብሓ ግዳማውያን ሓይልታት ከገልግል ዝተሃንደሰ ስትራተጂ፥ ከበድ ጉድኣት ወሪዱዎም፥ ግዙፍ ናይ ግዜን ዕድላትን ክሳራ ገጢምዎም'ዩ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ጸገም፥ ድሕሪ ናይ ኣስታት 20 ዓመታት ኩነት ተጻብኦ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ስርዓት ለውጢ መጺኡ፥ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ሓድሽ ናይ ታሪኽ ምዕራፍ ኣብ ዝሰጋገሩሉ እዋን፥ ኩሉም ደለይቲ ጸቡቕ፥ "ደገም ቀርኒ ኣፍሪቃ፥ ካብ ጸልማት ዘመን ወጺኡ፥ ትስፉው መጻኢ ናብ ዝማዕድወሉ መድረኽ ክድይብ'ዩ" ዝብል ተስፋ ኣሕዲሮም ነይሮም። የጉዳስ ዘራጊ ከሎ ጽሩይ ማይ ምስታይ ዝከኣል ኣይኮነ። ኑቲ ዝመጸ ሓድሽ ምዕባለታት ንምዝራግ ዝዕላማኡ ወተሃደራዊ ዕንደራ ሰዓቡ፥ ዘየድሊ ተወሳኺ መቕዘፍትን ዕንወትን ኣኸቲሉ። ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ተስፋ ዘንበሩሉ ሓድሽ ምዕራፍ ናብ ካልእ ቅልውላው ኣትዩ። እዚ ግዝያዊ ዕንቅፋት'ዚ ግን ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ 80 ዓመት ህዝቢ ኤርትራ ዝሰገሮ ከበድ ብደሃይታት ብምንጽጻር፥ ከበድ ኣይኮነን። ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ተሰጊሩ፥ ኣብ ዞና ዝተኸስተ ሓድሽ ምዕራፍ፥ ናብ ዝሓሸ ኩነት ክሰጋገር ምኻኑ ኣየማትእን።

ሓንቲ ግደ ኣመራጸን መሻርኽታን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፥ ኣካል ናይቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዓለም ክፍጸም ዝጸንሐን ዘሎን፥ ህዝቢ ዓለም ብዓይኑ ዝተዓዘቦ መኣዝኡ ዝሰሓተ ስትራተጂ እዩ። ብምዝራግ ሰላምን ርግኣትን ቀርኒ ኣፍሪቃን ከም ወጽኢቱ ተፈጢሩ ዘሎ ዘሕዝን ፖለቲካውን ሰብኣውን ቅልውላውን ድማ፥ ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ተሓተትቲ ንሶም እምበር ካልእ ኣይኮኑን።







# ካብ ዘባታት

## “ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ዓባይ ቤትና እያ” ተማሃሮ

ብስራት ተመስገን

*ኣብ ዙላሊ ክፍሊ ናይዚ ዓምዲ፡ ንሓፈሻዊ ንጥፈታት ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝምልከት ምስ ሓላፊ ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ኣቶ ሰዩም ሃይለማርያም ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት ምቕራብና ዝዘከር ኮይኑ፡ ቀጺልና ድማ መቐጸልታኡ ምስ ሓላፊ ጉዳያት ተማሃሮ፡ ኣሊዩትን ተማሃሮን ናይ ዘካየድናዮ ቃለ መሕትት ጸማቝ ይስዕብ - ሰናይ ንባብ-*



### ተማሃራይ መሓመድ ሳልሕ ዑስማን

ኣብ ዓዲ ኩዶ ፈላሲ ከባቢ መንደፈራ ተወሊዱ። ተፈጥሮኣዊ ስንክልና ዓይኒ ሓዙ'ዩ ተወሊዱ። ዕድመኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ፡ ምዕራፍ ትብሃል ደላይት ጸቢቑ ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ መጀኢታ ትምህርቱ ክታተል ኣመዝጊቡዩ። ኣብ'ቲ ፈለማ ካብ ስድራኡ ዝተፈለየሉ ናፍቖት የሰንፎ ነይሩ። ድሒሩ ግን እቶም ካብኡ ዝዓብዩ መማህርቱ ኣብ ትምህርቱ ክብርትዕ መዓዱዎ። በዚ ድማ ብልሚ ክወስድ ጀመረ፡ ናይ መጀኢታ ትምህርቱ ምስ ዛዘመ፡ ናብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ (ደቀምሓረ) ትምህርቱ



ተማሃራይ መሓመድ ሳልሕ ዑስማን


ክቕጽል ተጸምበረ። ኣቐዲሙ ምስ ከምኡ ዓይኑስወራን ዝዓበየ መሓመድ፡ ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ካልኦት ስንክልና ዘይብሎምን ዘለዎምን ተማሃሮ ክላለ ግዜ ኣይወሰደሉን። ካብ 6ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ቀዳማይ ተርታ እናሓዘ ከኣ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምርቱ ዛዘመ። ንሻምናይ ክፍሊ ዝወሃብ መልቀቒ ፈተና፡ 97% ብምምጻእ ድማ ፈለማ ንብሉል ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ተባሂሉ ክሽለም ከሎ፡ ቀጺሉ ከኣ ሽልማት ዓንደማዮ (ዞባ ደቡብ) ክዓትር በቕዐ። መሓመድ፡ ኣቲ ዚጋጠሞ ስንክልና በዓሉ ኣብ ከምዚ ዓወት ምብጽሑ፡ ሓጎሱ ወሰን የብሉን። ሚላ ኣጸናንዓኡ ኣብ ዝተወከሰናሉ፡ ኣቲ ብመማህራት ዝወሃቦ መግለጺ ካብ ደብተር መማህርቱ እናወሰደ'ዩ ዝጽሕፎን ብዘይዮእ ዘጽንዖ። ኣቲ ዚይተረድአ ድማ ምስ መማህራኑን መማህርቱን ኮይኑ የጽንዕ። ትሕተ ቅርጺ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንዓይኑስወራን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነ። የግዳ ሳላ ኣሊዩትን ተማሃሮን ኣቲ ብደሆ ቀሊል ክዝበር ክኢሉ ኣሎ። ናብ ትምህርቲ ኣብ ዝወፍረሉ ሰዓት፡ ሓደ ዓይኑስወር ምስ ሓደ ጥዑይ መማህርቱ ተቛሪናምዮም ናብ ትምህርቶም ስለ ዝኸዱ፡ ኣብ ከምዚ ከምዝዩሸርዮ መሓመድ ዝሕብር። ናቶም መደቀሲ ክፍሊ ስለ ዘለዎም'ውን ንሱን ከምኡ ዝኣመስሉ ዓይነ ስውራንን ኣብ መጻናዕቲ ኮነ ክዕርፉሉ ኣብ ዝደልዩ ግዜ ከምዝይጸገሙ ተማሃራይ 9ይ ክፍሊ መሓመድ ሳልሕ ዑስማን የረድእ። ኣብ መወዳእታ ዘረባኡ ድማ ንኹሎም ኣሊዩቶምን መማዝራኖምን ብምምስጋን እዛ እትስዕብ ንኣሕዳሪት ቤት ትምርህቲ ሰውራ ትምልከት ግጥሚ ገጢሙ'ዩ ተፋንዩና።

*ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንዓይ እኹ*
*ብልጸቲ መኣዲ'ያ*
*ማለኡ ዝረሰሰ ብርኩት ሸሻየ*
*ክሰዕካ ለሉት ብዙሓት ኣፍርያ ሕጂ'ውን*
*ክትቕጽል'ያ*
*እወ ንሳ እንደ'ያ እታ ዓባይ ሰደራቤት*
*ፍጹም ዘይትዛሰ ልባዊት ቀላቤት*
*ፍልጠት እተሰንቕ ንቐጻሊ ዕበየት*
*ዓንዲ ሕቖ ሃገር ናይ ምህዞ ቤት*
*ኩሉ ምስክራ ኣና ይኹን ንረቤት!*

***

### ኣቶ ሃይለ ፍስሃጽዮን (ኣሊያይ ተማሃሮ)

ኣብ 1982 ዓም ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምርቲ ሰውራ ኣሊያይ ክኸውን ተመዲቡ። ክሳብ ለሚ ዕለት ከኣ ኣብ ጽላል እዚ ቤት ትምህርቲ ከም ኣሊያይ ተማሃሮ ኮይኑ መንእሰያት የሰልጥን ኣሎ። እዩም ካብ ዝተፈላለየ ኣድራሻን ባህልን ዝመጽኡ ተማሃሮ፡ ኣብ'ዚ ማእከል ቤት ትምህርቲ ዝፈጥርዎ ዝምድና ዕዙዝ'ዩ። እዚ ዝምድና ዘጥርዩሉ ግዜ ከኣ ኣቲ ድሕር ልምድታት ሕብረተሰብ ብእወታ ዝጸልዉሉ መድረኽ ከም ዝኾነ ጊደርካ ክግለጽ ይከኣል። ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰንኪ ተኸታታሊ መግዛእቲ፡ ክሳብ መንጉቱ ንምጥፋእ ብዙሕ ኣደራዕ



ኣቶ ሃይለ ፍስሃጽዮን

ወረዱዎ'ዩ። የግዳ ኢይተጻዕደን ክብርታቱን ልምድታቱን ክዕቅብ ክኢሉ እዩ። ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ካብ ዝተፈላለየ ድሕሪ ባይታን ከባቢታትን ኤርትራ ዝመጽኡ መንእሰያት፡ ብመንነቶም ዘኾርዕሉ ኣብ ሓደ ቁራዕ ከም ዝሓብሩን ከምዝላለዩን ስለ ዝተገብረ፡ ኣቲ ኤርትራዊ መንነት ክዕቅቦ በቒዖም እዮም። ንኣብነት፡ ሳዋ ኣብ ምዕቃብ ክብርታትን ሓድሕዳዊ ምልላይን ኤርትራውያን ዝተጻወቶ ተራ ልዑል'ዩ። ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ካብ ጽባሕ ናጽነት፡ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ እናሰሃቐት፡ ሃገራዊ መንነት ዝሸሰኩሰላ ዘሎ ትካል'ያ። ከምኡ'ውን እቲ ዝበረ ዘይምዕሩይ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ምስ ምምጻእ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ (ዞባ ደቡብ) ብዙሓት ዜጋታት ከተፍሪ ክኢላ ኣላ። ኣብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ዝፈረዩ መንእሰያት፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገር ኣበርክቶቲ ኮይናም ኣለዉ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ መወዳእቲ ከም ለበዋ ዘመሓልልፎ፡ ንመንእሰያት ዝኸውን ኣዳራሽ ክስርሓልና፡ ጸገም ዘድልዮ ክፍልታት ድማ ክጸገን ዝብል እዩ።

****



ተማሃሪት ከዲጃ መሓመድ ስዒድ

### ተማሃሪት ከዲጃ መሓመድ ስዒድ

ተቐማጢት ዓላ ምምሕዳር ደብረ ቀይሕ እያ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ስሩዕ ትምህርታ ትከታተል ኣላ። ከዲጃ መሓመድ ተማሃሪት ሻድሻይ ክፍሊ ምስ ኮነት፡ ካብ መንበሪ ገዝኣ ዝበረሳ ናብ ትምህርታ ክትበጽሕ ኣንጊሃ ናይ ሰዓትን ፈረቓን ጉዕዞ ክትገዓዝ ትግደድ ነይራ። እዚ ማለት፡ ኣብ ምብጻሕን ምምላስን ሰለስተ ሰዓት ተጥፍእን ነይራ። ኣቲ ኣሰካፊ ጽምዋ በረኻን ድምጺ ኣራዊት ዝሰምዓሉን መገዳ ድማ ምስ መሓዙታ ኮይና ትገዓዞ ነይራ። ዝበዲሁ ኣብ ሻድሻይ ክፍሊ ኣብ ትምህርታ ቀዳመይቲ ብምውጻእ ተሸለመት። ኣብ 2020 ድማ ሓትናኣ ተጉዳስት ትምህርታ ተገንዚባ ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣመዝጊባታ። ካብ ሻውዓይ ክፍሊ ኣትሒዛ ድማ ኣብ ኣሕዳሪ ቤት ትምርቲ ሰውራ ትምህርታ ትከታተል ኣላ። ከዲጃ፡ ናብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምስ መጸኣት፡ ኣቲ ዝነጥማ ብደሆ ንምስጋር፡ መጻናዕታ ከተስፍሕ'ያ ክኢላ። ኣብ ዓመት ከኣ ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ተማሃሮ ተሰሪዓ ናብ ሻመናይ ክፍሊ ሓሊፋ። ኣብ'ዚ እዋን ተመሃሪት 10ይ ክፍሊ ዝኾነት ከዲጃ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ክትዕወት ምስኢ ተሰፉ ገይራ'ያ ትጽዕር ዘላ። ኣብ'ዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ፡ ካብ ትምህርቲ ንላዕሊ ብዙሕ ረብሓታት ከም ዝረኸበት እትምስክር ከዲጃ፡ ካብ'ቶም ካብ ዝተፈላለየ ድሕሪ ባይታ፡ ኣድራሻ፡ ብሄር፡ ቋንቋ፡ ባህልን ልምድን ዝመጽኡ መማህርታ ብዙሕ ከምዝቐሰመት'ያ ተረድእ። “ካብ'ቲ ሓደ ቋንቋ ትመሃር፡ ካብቲ ካልእ ተመክሮ ትቐስም፡ ኣብ ሓጺር ዝበለ ግዜ ከኣ ብዙሓ ሃገርን ሕብረተሰብን ብዙሕ ፍልጠት ትእከብ” ድማ ትብል። ኣሊዩቲ ናይ'ዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምርቲ ከም ኣጦን ኣደን ኮይናም ከምዝሓልቕፍዎም እትሕብር ከዲጃ፡ ክሳብ ሕጂ ዘተገብረላ ሓልዮትን ፍቕርን ኣሊይታ መግለጺ ከምዝይትረኽበሉ ትሕብር። ቤት ትምህርተን ኣብ ግዜኡ መግቦም ካብ ምድላው ኣትሒዙ ክሳብ መንዳል ንጽህናን ካልእ ዘድልየንን ኣብ ምቕራብ ዕዉት ምኳኑ ትገልጽ።

***

### ኣቶ የማነ ገብረማርያም (ኣሊያይ ተማሃሮ)

ኣብ 1984 ዓም ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣሊያይ (ኣቦ) ተማሃሮ ኮይኑ ተመዲቡ። ክሳብ ለሚ ድማ ኣብ'ዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ የገልግል ኣሎ። ካብ ዝተፈላለየ ድሕሪ ባይታን ልምድን ባህልን ዝመጽኡ ተማሃሮ፡ ኣብ'ዛ እሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ከም ዝቐበሉ ዝገልጽ ኣቶ የማነ፡ የግዳ ዝዓም ከሎም ተማሃሮ ምስ ከሉ ከኣታቶም ብዙሑ መገዲ እናተኸተልካ፡ ናብ ሓደ ኣንፈት ከተማእዝናም ቀሊል ከምዘይከውን'ዩ ዝሕብር። ኮይኑ ግን ሕጋጋትን መምርሒታትን ቤት ትምህርቲ እናተኸተሉ፡ ጽባሕ ንምህ ተረኪቦቲ ሃገር ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ምህናጽ ሓያል ጻዕሪ የጉዳዱ ከምዝለዉ የረድእ። ማዕረ ማዕረኡ'ውን ኣብራት



ኣቶ የማነ ገብረማርያም

ተማሃሮ፡ ብዕረፍቲ ኸናብ ዓዶም ምስ ከዱ፡ ኣየም ሓደስቲ ተማሃሮ ብዙሓ ቤት ትምህርቲ ኣጉዳሲ ሓበሬታ ስለ ዘሰኾቕዎም፡ ሓደስቲ ተማሃሮ፡ ምስ ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን ብጹቶም ኣብ ምውህሃድ ጸገማት ከምዘጋጥሞም ኣብርሁ። ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚራ ክሳብ ሕጂ፡ ዜጋታት እናሃነጸት ኣቡ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር እጃማ ተበርክት ስለ ዘሎ፡ ሓብን ኩሉትና ምኳና ጠቒሶ፡ ዝያዳ ክትዓብን ክትምዕብልን ናይ ኩሉ ወገን ጻዕርን ኣበርክቶን ክዋበረላ ተላቢዩ።

***

### መም/ ሳልሕ መሓመድ (ሓላፊ ጉዳያት ተማሃሮ)

ኣብ 1994 ዓም ኣብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተማሃራይ ኮይኑ ንኣርባዕተ ዓመት ስሩዕ ትምህርቱ ዝተኸታተለ መም/ ሳልሕ መሓመድ፡ ድሒሩ ናይ ምምህርና ዕድል ስለ ዝረኸበ፡ ናብ ምድላው መማህራን



መም/ ሳልሕ መሓመድ

(TTI) ብምኻድ ትምህርቱ ዛዚሙ። ካብኡ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተመዲቡ፡ ንኣስታት 26 ዓመት ከም መምህር፡ ርእሰ መምህርን ሱፐርቫይዘርን ኮይኑ ኣገልጊሉ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ 2024 ናብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ተቐይሩ ብምምጻኡ፡ ከም ሓላፊ ጉዳያት ተማሃሮን ምክትታል ብቕዓት ትምህርትን ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ኣብ ኀደኢ'ቶም ቀደም ኣሊዩቱን መማህራኑን ዝነበሩ ኣቦታት ኮይኑ፡ ለሚ ነታ ዝተመሃረላ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ እጃሙ ከበርክተላ ከሎ፡ ልዑል ሓበን ከም ዝስምዖ ዝገልጽ። “ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ከም ሳዋ፡ ንሕብረ-ብሄራት ናብ ሓደ ትጠምር፡ ንድሓር ልምድታት ድማ እተወግድ ቦታ'ያ” ክብል ድማ ይገልጽ። እዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ዘፍረየቶም ዜጋታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ጽሕፈት ተመዲቦም ይሰርሑ፣ ተራኣን ኣበርክቶኣን ዕዙዝ ምኳኑ ይሕብሩን ስለ ዝኾኑ፡ ሰማን ዝናኣን ልዑል ምኳኑ ሓቢሩ። “ጽልዋ መዛኑ፡ ኣድማዕን ኣዕናውን ምኳኑ ርዱእ'ዩ። ኣብ'ዛ ቤት ትምህርትና ድማ፡ እቶም ድሌት ትምህርቲ ዘለዎም ተማሃሮ፡ ምስቶም ብልሚ ዝወስዱ ተማሃሮ ተጸጊዖም ስለ ዘጽንዑ፡ ብቕዓቶም ዘመሓይሹ ውሑዳት ኣይኮኑን። ዝኸኣ ከኣ ኣብርቲዖና ኢና ንጽዕረሉ” ይብል። ብዘይካ'ዚ፡ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን እናወሃቡ፡ ንቕሓት ተማሃሮ ኣብ ኩሉ ጉዳያት ክበብ ኣብ ምግባል ከምዝተጣየፉ፡ ሓላፊ ጉዳያት ተማሃሮ፡ መም/ ሳልሕ መሓመድ የረድእ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ስለቲ ዝገበረሎም ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ሓገዛትን ምትብባዓትን ንሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ንንኡስ ዞባ ደቀምሓረን ካልኦት መሻርኽቶምን ከምኡ'ውን እዚ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝጀመር ክሳብ ለሚ ከም ኣሊዩትን መማህራንን ኮይኖም ንዝሰርሑ ዘለዉ፡ ምስጋናኡ ይገልጽ።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ናይ ምክልኻል መካኒዝም


### ክንጸሮ ዘይንኽእል ኩነታት ሃንደበት ምስ ዘጋጥመና፡ ሓንጎልና ብኸመይ ይከላኸለልና?

ኣብ ሓደ ሃገር፡ ኣሸበርቲ ጉጅለ፡ ናብ ሓደ ዓዲ ብምእታው ኣደታትን ቈልዑን ጨውዮም ብምውሳድ፡ ነቶም ዝጨወይዎም ቈልዑ ኣብ ቅድሚ ኣደታቶም ብኣሰቃቒ ኣገባብ ቀትሉዎም። እተን ዝተጨውያ ኣደታት፡ ደቀን ኣብ ቅድሚ ዓይነን ብኣሰቃቒ ኣገባብ ክቕተሉ እንከለው፡ ብዘይካ ተዓኒደን ክርእያ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረንን። ድሕሪ ገለ ሰሙናት ካብቶም ኣሸብርቲ ጉጅለ ብህይወት ክድሕና’ኳ እንተ ከኣላ፡ ኩለን ግን ናይ ዓይኒ ዑረት ኣጋጠመን። ጥንቒ ዑረተን ንምምርማር ኣብ ዝተገብረ ሕክምናዊ ረድኤት፡ ዝኾነ ኣካላዊ መጉዳእቲ ከም ዘይብለንን ዓይነን ጥዑይ ምዃኑን ዝገልጽ ውጽኢት ተረኺቡ። እቶም ክሕክሙወን ዝመጽኡ ሓካይም፡ ዓይኒና ከይተጐድአ ክዓውር ይኽእል ድዩ? ካልእ ጠንቂ ዑረት ክህሉ ይኽእል ዶ? ናብ ዝብል ሕቶታት ኣተዉ። ናይዘን ኣደታት ሕማም፡ ብ‘ፐርፐዝፉል ብላይንድነስ’ ዝፍለጥ ናይ ኣእምሮ ጸገም ኮይኑ ጸንሐ። እዘን ኣደታት ናብ ኣብ ቅድሚ ዓይነን ዝኻነፈ ክጸርኦ ዘይክእላ ኣሰቃቒ ቅትለት ደቀን ምስ ተቓልዓ፡ ኣእምሮአን ካብቲ ከቢድ ኩነታት ክከላኸል ክብል ኣዒንተን እናረኣየ ከም ዘይርኢ ገይሩ ሸፈኖ። ስለዚ፡ ዝኾነ ሕማም ወይ ኣካላዊ መጉዳእቲ ዘይብለን እንክነሰን፡ ኣዒንተን ግን ክርኢ ከም ዘይክእል ኮነ።

እዚ ተርእዮ፡ ሓደ ኣገባብ ‘ናይ ምክልኻል መካኒዝም’ ምዃኑ ሓካይም ስነ ኣእምሮ ይገልጹ። ስነ ሓሳብ ሳይኮትንተና ከኣ፡ “ናይ ምክልኻል መካኒዚም (defense mechanism)፡ ኣብ ጉዳኢ ክኸውን ዝኽእል ወይ ዘይቅቡል ኩነታት፡ ኣእምሮና ጸቕጢ ንምንካይ ዘካይዶ ትሕተ ውናኣዊ መስርሕ እዩ፡” ብምባል ይገልጹ። እዚ መስርሕ፡ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ውጽኢት ክህሉዎ፡ ኣብ ብዝሕን ዓይነትን ናይቲ እንጥቀመሉ ዘለና ኣገባብ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ምንታይ ዓይነት ኩነታት ንጥቀመሉ ኣለና ይምርኩስ። ኣእምሮና ነዚ መስርሕ ንኸካይድ፡ ናይ ምድህላል፡ ምንጻግን ሓበሬታ ናይ ምዝንባዕን ስነ ኣእምሮኣዊ ጥበባት ክጥቀም ይኽእል። ብዛዕባ’ዚ ኣርእስቲ’ዚ ፈለማ ዝጸሓፈት ኣና ፍሮይድ (ብ1936) ኮይና፡ ነቲ ኣቦኣ፡ ሲግመንድ ፍሮይድ፡ ዝዘርዘሮ ዓሰርተ ኣገባባት ናይ ምክልኻል መካኒዝም ዘጠቓለለ ትሕዝቶ ዝርከቦ ‘ኢጎ ኤንድ ዘ መካኒዝምስ ኦፍ ደፈንስ’ ዝብል መጽሓፍ’ዩ። ፍሮይድ፡ “ናይ ምክልኻል መካኒዝም ነቲ ናይ ሓደ ሰብ ዘይውናኣዊ ባህርታትን ድርኺታትን ዝምልከት ክፋል ኣእምሮና ብምዝንባዕ፡ ናብ ቅቡል መልክዑ ዝቐይር መስርሕ እዩ፡ ” ብምባል ይኸውኖ። ኣና ጓሉ ግን፡ “ኣብ ብወለንታናን ብዘይ ወለንታናን እነካይዶ ናይ ምምሃር መስርሕ ዝኽሰት ብልሓታውን ዝተፈላለየ ደረጃታት ዝርከቦ ኣውተማቲካዊ ናይ ምንቅስቓስ ውስብስብን እዩ፡” ብምባል ትገልጾ።

ኣእምሮና ኣብ ቀዳሲ ትንተና፡ ትምህርትን ረዓምነትን ዝተጸምደ እዩ። ከከም ዓይነቱን ዓቐን ዋሕዙን ከኣ ንበዳሀቲ ኩነታት ክመሃሮን ክርዕሞን ይጽዕት። ቀስ ብቐስ፡ ኣእምሮና ብዝለመዶ ዋሕዚ፡ በዳሂ ኩነታት ክንመሃር ንኽእል ኢና። ሃንደበት ካብ ዓቕምና ወጻኢ ኩነታት ምስ ዘጓንፍ ከ?

ናይ ምክልኻል መካኒዝም እምበኣር፡ ኣብ ልዑል ዓቐን ክብደት ዘሎዎ ኩነታት ዘገልግለና ተፈጥሮኣዊ መስርሕ ኣእምሮ እዩ። ኣእምሮና ነዚ መስርሕ ብመገዲ ትሕተ ውናና እዩ ዘካይዶ፣ እዚ ማለት ብዘይ ውናና ዝካየድ መስርሕ እዩ። እቲ ምኽንያት፡ ኣእምሮና ምስ ውናኡ እንተ ሃልዩ፡ ነቲ ኣጓኒፍና ዘሎ ኩነታት ክትንትኖ፡ ክመሃሮን ክርዕሞን ኣዝዩ ክኸብዶን ከቢድ ምጉዳእቲ ከጓንፎን ስለ ዝኽእል እዩ። ናይ ምክልኻል መካኒዝም ንግዜኡ ካብ ልዑል ጸቕጢ ብምክልኻል፡ ነቲ ከቢድ ኩነታት ክንርዕሞ ግዜ ክሸምተልና ይኽእል እዩ። እዚ እወታዊ ሸነኹ ኮይኑ፡ ብብዝሒ ምስ እንምርኩሶ ግን ኣሉታዊ ሸነኽ ክህሉዎ ይኽእል እዩ።



## ዓይነታት ናይ ምክልኻል መካኒዝም

ዓለም ለኻዊ ቅቡል ወይ ፍሉጥ ዝኾነ ኣገባብ ናይ ምክልኻል እኳ ብዝርዝር እንተ ዘይሃለወ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ዝውቱር ኣገባብ ናይ ምክልኻል መካኒዝም ተባሂሉ ዝተዘርዘረ ንረክብ ኢና። ገለ ንምጥቃስ፤

1- ምዕባጥ- እዚ ትሕተ ውናኣዊ መልሰ ግብሪ ኮይኑ፡ ሓሳባት፡ ዝኽርታትን ስምዒታትን ብምዕጻው ወይ ብምጽቃጥ ይካየድ።

2- ምዝንባዕ ሓበሬታ- እዚ ኣገባብ፡ ንሓቀኛ ዘጋጠመ ኩነታት ብናትና ትንተና ቀይርና ከንቕርቦ እንከለና እዩ። ብሓሙሽተ መልክዓት ድማ ከነትግብሮ ንኽእል፤

ሀ- ንጽገት- እዚ ኣገባብ ነቲ ዘጓነፈ ኩነታት ምንጻግ ወይ ከም ዘየጋጠመ ምሕሳብ እዩ።

ለ- መጉታዊ ምኽንያት ከነቕርብ ምፍታን- እዚ ከኣ ንሓደ ዘይቅቡል ኩነታት ናይ ባዕልና መጉታዊ ምኽንያት ብምቕራብ፡ ቅቡል ከም ዝኾነ ገይርና ከነቕርብ ምፍታን እዩ።

ሐ- ፍልጠታዊ ምኽንያት ከነቕርብ ምፍታን- ነቲ ዘጋጠመ መመኽነዪ ዝኾነና ሳይንሳዊ ወይ ፍልጠታዊ ሓበሬታ ገይርና ንስምዒት ክንጉሲ እንከለና እዩ። ንኣብነት፤ ሰብ እንተ በዲሉና፡ “ሰብ ደኣ እንስሳ እንድዩ፣ ግድን እዩ ከምኡ ክገብር፡” ብምባል ንነብስና ካብ መጉዳእቲ ከነናግፍ ንፍትን።

መ- ምንእኣስ- እዚ ዳርጋ ብብዝሒ እርእዮ ኣገባብ ምክልኻል እዩ፣ ነቲ ኩነታት ኣነኣኢስካ ብምቕራብ ዝግበር ምክልኻል እዩ።

3- ምዝንባዕ ግንዛበ- እዚ ኣብ ንነብስና ዘሎና ግንዛበ ብምዝንባዕ ዝካየድ ናይ ምክልኻል መካኒዝም እዩ። ዝተፈላለየ መልክዓት ከኣ የካትት፤

i- ምል’ጋብ- እዚ፡ ዘይቅቡል ሓሳባት ንኻልኦት ብምል’ጋብ ዝግበር ምክልኻል እዩ።

ii- ምግዓዝ- ‘ሓሰኻ ደንበ ናብ ዘለምለመሉ’ ከም ዝበሃል፡ እዚ ኣገባብ ምስቲ ዝጉደኣካ ኩነታት ወይ ሰብ ሕርቃንካ ከተወስጽእ ስለ ዘይከኣልካ፡ ኣብ ካልኦት ድኹም ዝበሉ ኣካላት ዝግበር ምጽንብራቕ ስምዒት እዩ።

iii- ጻዕዳ ወይ ጸሊም ዝብል ኣተሓሳስባ- እዚ ኣገባብ ንኹሉ ነገር ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ኢልካ ኣተዓራቒ ሓሳብ ዘይብሉ፡ ፈላላዩ ኣጠማምታ ምህላው የጠቓልል።

4- ባህርያታዊ ምክልኻል- እዚ ኣገባብ ዘይምቹእ ኩነታት ንምክልኻል፡ ኣብ ባህርያትና እንገብሮ ምቅይያራት እዩ። እዚ ዝስዕብ መልክዓት ከኣ የካትት፤

I- ምውጋድ ወይ ምርሓቕ- እዚ ኣገባብ ንዘይምቹኣና ኩነታት ከይጉድኣና ኢልና እንገብሮ ናይ ምውጋድ ስጉምቲ የካትት።

II- ምጭፍላቕ- እዚ ኣገባብ ካብ ምዕባጥ ዝሓሸ ኣገባብ ምክልኻል እዩ። እንተኾነ፡ እዚ ኣገባብ’ውን ዘይንደልዮ ኩነታት ከነወግድ ካብ ምድላይ ዝብገስ፡ ባህርያትና ብምጭፍላቕ ዝካየድ ኣገባብ እዩ።

III- ካሕሳኣዊ- እዚ ኣገባብ ሓደ ነገር ከይሃሰየና ኢልና ምስ ጉሰናዮ፡ ኣብ ክንዲኡ ንኻልእ ነገር ልዑል ዋጋ ብምኽፋል እንገብሮ ናይ ምክልኻል መካኒዝም እዩ። ንኣብነት፤ ኣብ ቀዳማይ ሓዳሮም ዘይተዓወቱ መጻምዲ፡ ኣብ ካልኣይ ሓዳሮም ልዑል ዋጋ ክኸፍሉ ይረኣዩ።

5- ፋንታዝያዊ ናይ ምክልኻል መካኒዝም- እዚ ኣገባብ ኣእምሮና ፋንታዝያዊ ሓሳባት ብምእንጋድ ዝገብሮ ናይ ምክልኻል ኣገባብ እዩ። ክልተ መልክዓት ከኣ ክንጠቅስ ንኽእል፤

I- ባዕላዊ መልሰ ግብሪ ምስራዕ- ኣብ ገለ እዋን ምስ ዘተቐየምናዮም ሰባት ብሓሳብ ክንዛረብ፡ ከነውርድን ከነድይብንዶ ንውዕል? እዚ ኣገባብ እምበኣር ኣብ ዘይየለ ኩነታት ባዕላዊ ዝርርብ፡ ሓሳብ ወይ ተግባር ባዕልና ብምፍጣር ዝግበር ናይ ስምዒት ምንጽራቕ እዩ። ኣብቲ ኩነታት ፈሪሕና እንተ ነይርና፡ እቲ ንፈጥሮ መልሰ ግብሪ ልክዕ ከም ተባዓት ኴንና ንሃንጾ ማለት እዩ።

II- ናይ ካልኦት ስምዒት፡ እምነትን ኣተሓሳስባን ምቕባል ወይ ምንጻግ- እዚ ኣገባብ ኣብ ቦታ ናይ ካልእ ሰብ ኣቲና ከምኡ ክንሓስብ ምፍታን፡ ወይ ብኣንጻሩ ምሉእ ብምሉእ ምንጻግ የጠቓልል።

እዚ ኩሉ ዓይነታትን መልክዓትን ናይ ምክልኻል መካኒዝም ምስ ኣንበብና፡ ኩሉ ህይወትና ብናይ ምክልኻል መካኒዝም ዝተመልአ ኮይኑ ይስምዓና ይኸውን እዩ። ናይ ምክልኻል መካኒዝም፡ ብፎኩስ ደረጃ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ነዘውትሮ ኢና። ብውሑድን ፎኩስ ዓቐንን ምስ እንጥቀመሉ ሃሳዪ ኣይኮነን። ኣብ ሓደ በዳሂ ኩነታት፡ ካብ ሓደ ዓይነት ናይ ምክልኻል መካኒዝም ንላዕሊ ክንጥቀም’ውን ንኽእል ኢና። እንታይ ዓይነት ናይ መከላኸሊ መካኒዝም ንጥቀም? ብቐንዱ ከኣ ናይ ምክልኻል መካኒዝም ብኸመይ ነማዕብል?

ናይ ምክልኻል መካኒዝም፡ ካብ ዘጓንፈና በዳሂ ኩነታት እዩ ዝብገስ። ንበዳሂ ኩነታት ብኸመይ ንትንትኖ፡ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ንህብን ብኸመይ ንርዕምን ከኣ ካብ ከባቢና ክንመሃርን ክንጽሎን ንኽእል። ብቐንዱ ግን ናይ ምክልኻል መካኒዝም ተፈጥሮኣውን ፍልቀታውን መሰረት ከም ዘሎዎ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

## እንታይ ዓይነት ናይ ምክልኻል መካኒዝም ንጥቀም ከም ዘለና ብኸመይ ንፈልጥ?

1- ኣብ እንገብሮ ነገር ልዑል ኣስተብህሎ ምህላው

ኣብ ሓሳብና፡ ንጥፈታትናን ባህርያትናን ምስትብሃል፡ ነብስና ክንፈልጥን ናይ ምክልኻል መካኒዝም ንጥቀም ኣለናዶ ወይስ የለናን ክንፍትሽን ይሕግዘ። ብተወሳኺ፡ እቲ እንጥቀመሉ ኣገባብ እንታይ ጥቕሚ ወይ ሳዕቤን ኣሎዎ ክንፈልጥ ይሕግዘ። ኣብ ዕቑባ ናይ ምክልኻል መካኒዝም ንነዊሕ ግዜ እንተ ሃሊና’ውን ነብስና ብምፍታሽ ጥራይ ኢና እንፈልጦ።

2- ናይ ፍሉይ ባህርያትና ኣቃውማ ምክትታል

እንታይ ምስ ኣጓነፈኒ እየ፡ ክሃድም ወይ ክዓብጦ ዝፍትን? እንታይ ምስ ኣጋጠመኒ እየ፡ ከነኣእስ ዝፍትን? … ብምባል ስርስርዕ ናይ ባህርና ምክትታል፡ መዓስን እንታይ ዓይነትን ናይ ምክልኻል መካኒዝም ንጥቀም ክንፈልጥ ይሕግዘ።

3- ኣስተንትኖን ዳየሪ ምጽሓፍን

ንምንታይ ከምዚ እኸውን ኣለኹ? እንታይ ስለ ዝኾንኩ እየ ዘይምቹእነት ዝስምዓኒ ዘሎ? … ዝብል ሕቶታት፡ ስምዒትና ከነለልን ስምዒትና ንምህዳእ እንጥቀመሉ ዘለና ኣገባብ ክንፈልጥን የኽእል። ኩሉ ግዜ ስምዒትና፡ ሓሳባትናን ተግባርናን ኣብ ጆርናል ምስፋር፡ ባህርያትና ንኽንከታተሎ ይሕግዝ እዩ።

4- ዘረባናን ቃላትናን ምስትብሃል

ዘይምችኣና ኩነታት ምስ ዘጋጥም እንታይ ንብል? ጌጋና ዘይምዃኑ ብተጋጋሚ ክንነግርዶ ንፍትን? ንነብስና ክንከላኸል እንዛረቦን እንብሎን ቃላት ከመይ ዝበለ ምዃኑ ብምስትብሃል፡ ናይ ምክልኻል መካኒዝም ንጥቀም ኣለናዶ የለናን ክንፈልጥ ንኽእል።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ

## ተሰነይ - ቅድድም ብሽክለታ መዓልቲ ናጽነት

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት 2025 ዝተዳለወ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ብወዕወዕ መንፈስ ተጀሚሩ።

እዚ ንሽዱሽተ ሰናብቲ ዝቐጽል ውድድር፣ ንኹለን ደቢዝዮናትን ናይ ግራስ ሩት ውድድራትን ኣጠቓለሉ ዝቐደ'ዩ። ኣብቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተኻየደ ናይ መኽፈቲ ውድድር፣ ካብ ተወዳደርቲ ሳልሳይ ደቢዝዮን ጸንዖት ሰለስ ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ሴም ኣስመሮም፡ ዓብደራሕማን መሓመድ፡ ሚሮን ዓወት ክሳዕ ራብዓይ ዘሎ ደረጃ ሓዚሞ። ኣብ ናይ ካልኣይ ደቢዝዮን ድማ፡ ዩኤል ኣድሓኖም፡ ዩኤል ዳዊት፡ ኣዶናይ ኤርምያስ፡ ሚከኤል ኣቤል ቀዳሞት ዕወታት ኰይኖም።

ቀጺሉም ብድሙቕ ደገፍ ተሰንዩም ናይ 90 ከሎሜተር ውድድርም ዘካየዱ ናይ ቀዳማይ ደቢዝዮን ተወዳደርቲ፡ ወለድ ሳልሕ ቀዳማይ ብምዃን ናይ መዘዝሚ ሕንጻጽ ክረግጽ እንከሎ፡ ሳይሞን ተኽለ፡ ፍትሓዊ የማነ፡ ኣማን ተማሞ፡ ጃዕፈር መሓመድ ሰዒቦሞ።

ኣብ መወዳእታ ውድድራቶም ዘሰለሱ ናይ ግራስ ሩት ደቂ ተባዕትዮን ተቐዳደምቲ 'ማውንቴን ባይክ' ደቂ-ኣንስትዮን እዮም።



ኣብ ናይ ግራስ ሩት ውድድር ብዘይካ ሄኖስ ብንያም ካልኦት ተቐዳደምቲ ኑቲ ውድድር ክዛዝምዎ ብዘይምኽኣሎም፡ ንሱ ዕወት ናይቲ ውድድር ኰይኑ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ቀዳመይቲ ሳሮን ኀይትኦም፡ ካልኣይቲ ትምኒት ዓንደብርሃን ብምውዳእ ውድድረን ዛዚመን።

## ሊቨርፑል፡ ሓንቲ ነጥቢ ንጽዋእ ፕሪመር ሊግ



ሊቨርፑል፡ ብወግዒ ኣኽሊል ፕሪመር ሊግ ክትደፍእ ንሓንቲ ግጥም ኣብ ምምዕዋው ትርከብ። ሰንበት 27 መጋቢት ኣብ ኣንፊልድ ምስ ቶተንሃም ኣብ ዘካየድዎ ግጥም፡ ሓንቲ ነጥቢ ክወስዱ እንተኽኢሎም፡ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ማብል 20 ዋንጫ ብምልዓል ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ክመዓረረዩ እዮም።

ሊቨርፑል፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንኣሌክሳንደር ኣርኖድ ምስጋና ይኹኖ ኣብ ልዕሊ ሌስስተር ሰቲ ዓወት ከመዝግቡ ብምኽኣሎም፡ ኑታ ምስ ኢስፒዊች ብማዕረ ዝተፈላለየት ኣርሰናል ብ13 ነጥቢ መሪሖም ኑታ ዋንጫ ዘልዓልዋ ማሰሎም ጸኒሖም። እንተኾነ ናይ ኣርቴታ ኣርሰናል ረቡዕ ምሸት ምስ ክሪስታል ፓላስ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም 2ብ2 ብምፍልላዩ፡ ዝ.ናይ ድሕሪ ጽባሕ ግጥም ክጸንዑ ተገዲዶም ደርከቡ።

'ብቐያሕቲ' ዝፍለጡ ሊቨርፑላውያን፡ ኣብ ልዕሊ ቶተንሃም ማዕረ ወይ ዓወት እንተ ኣመዝጊቦም፡ ኣኽሊል ፕሪመር ሊግ ክደፍኡ እዮም። ኣብቲ ኣብ ኣርባዕተን ዓሰርተ ሓደን ግንቦት ምስ ቸልሲን ኣርሰናልን ዘካይድዎ ጸወታ ኸኣ 'ጋርድ ኦፍ ኦነር' ማለት ናይ ክብሪ ዓጀባ ተገይሩሎም ንሜዳ ክኣትዉ እዮም።

## ደርቢ ዴላ ማዶኒና ኣብ መበል 244 ግጥሙ

ረቡዕ ምሸት ጋንታታት ኢንተር ሚላንን ኤሲ ሚላንን ንመዘዝሚ ውድድር ኮፓ ኢጣልያ ዘውሰነ ካልኣይ እግሪ ግጥም ኮፓ ኢጣልያ ኣካይደን። ኣብቲ ቅድሚ ሰለስተ ሰሙን ኣብ ሜዳ ሳን ሰሮ ዝተኻየደ ቀዳማይ እግሪ፡ ንኤሲ. ሚላን ታሚ ኣብርሃም፡ ንኢንተር ሚላን ሃካን ካልሃኖግሉ ብዘቖጸሩለን ሽቶታት ብናይ ሓባር ዓወት 1ብ1 ተፈላልየን ነይረን እየን። ኣብቲ ብቕድሚ ትማሊ ዝተኻየደ ጸወታ ድማ፡ ኤሲ. ሚላን 3ብ0 ብምዕዋታ፡ ካብዞን ትማሊ ምሸት (ጋዜጣ ኣብ ሕትመት ከላ) ጸወታኣን ዝየዳ ቦሎኛን ኢምፖሊን ምስ ዝሰዓረት ጋንታ ክትራኸብ እያ። ኣብ ቀዳማይ እግሪ ቦሎኛ ብጸፈሕ 3ብ0 ተዓዊታ ነይራ እያ።

ኤሲ. ሚላን ዋንጫ ኮፓ ኢጣልያ ካብ ዘይትዕወት 22 ዓመት ከተቖጽር እንከላ፡ ኢንተር ሚላን ከኣ ክልተ ዓመተ ኣቐጺራ ትርከብ። ጽምኢ. 22 ዓመት ዶ ደሰዐር ዋላስ ጽምኢ. ክልተ ዓመት ብዘብል ህልኽ ኣብ ዘየዳኣ ጸወታ፡ ኤሲ. ሚላን ዓወት ብምርካብ፡ ሕልማ ከተሰምር ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሰጊራ ትርከብ።

እዘን ጋንታታት ምስቲ ብቕድሚ ትማሊ ዘየደኦ ጸወታ ሓዊሰካ 244 ግጥማት ደርቢ ኣካይደን ኣለዋ። በዚ ናይ ረቡዕ ምሸት ኣብልና፡ ዝ. ኣብ ታሪኽ ዓለም እቲ እኾ ኣብ ሓደ ሜዳ ዝአንገድ ናይ ደርቢ ጸወታ፡ ደርቢ ዴላ ማዶኒና ክንደህሰሶ።

ኣብ መንጎ ኤሲ ሚላንን ኢንተር ሚላንን ዝካየድ ግጥም፡ "ደርቢ ዴላ ማዶኒና" ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ስም፡ ኣብ ከተማ ሚላን ዝርከብ ካቴድራል፡ ኣብ ጫፉ ሓወልቲ ኣደይ ማርያም ብምህላው፡ እዚ እዘን ክለባት ዘካይድኦ ጸወታ ደርቢ ዴላ ማዶኒና ተባሂሉ ክጽዋዕ ጀሚሩ።

ኣብ 13 ታሕሳስ 1899፡ ሀርበርት ኪልፒንን ብጾቱን ናይ ክሪኬትን ኩዕሶ እግርን ዝሓዘት ጋንታ ሚላን መስሪቶም። ኣብ ጥሪ 1900 መዳልያ ንጉስ ዝተብሃለት ቀዳመይቲ ዋንጫ ድማ ዓቲራ። እዛ ክለብ ኣብ 1901፡ 1906፡ 1907 ሰለስተ ዋንጫ ሃገራዊ ሊግ ዓቲራ። እዛ ኣብ 1901 ዝዓተረታ ዋንጫ ኸኣ ኑቲ ብተኸታታሊ ዓወት ጀኖዋ ተዓብለሉ ዝነበረ መድረኽ ኢጣልያ ዝሰበረትሉ'ዩ። እዛ ክለብ ኣብ 9 መጋቢት 1908 ኢጣልያውያን ዘይኮኑ ተጻወትቲ ኣብ ሕቖፍኣ ብምእታዋ፡ ኣብ ክልተ ብምምቃል፡ ኢንተርናዚያናለ ወይ ድማ ኢንተር ሚላን ክትምስረት ገይሩ። እቲ ኣብ 1908 ንናይ ፍጻማ ጸወታ ዋንጫ ቺያሶ ዘካየድኦ ግጥም ከኣ ናይ ፈለማ ናይ ደርቢ ጸወታ ናይዘን ክለባት ኮይኑ ተመዝጊቡ ደርከቡ።



ደገፍቲ ኤሲ. ሚላን፡ ንኢንተር 'ባውሶቼያ' ማለት ተጃሃሪት እናበሉ ክጸውዕዋ እንከለው፡ እታ ብደርቢ ሰራሕተኛታት እትድገፍ ዝነበረት ሚላን ድማ 'ኳቻቪተ' ዝብል መጸውዒ ኣሎዋ። ደገፍቲ ኢንተር ካብ ሰድራቤቶም ዝወረስዎ ሃብቲ ስለ ዝነበሮም፡ ናብ ሜዳ ሳን ሰሮ ክኸዱ እንከለዉ 'ሞቶር ሳይክል' ይጥቀሙ ነይሮም፡ ደገፍቲ ሚላን ድማ 'ሞቶሬታ' ዝብል ሳጓ ወሲኾምሎም። ደገፍቲ ሚላን ድማ ናብ ሜዳ ሳን ሰሮ ክጉዓዙ ናይ ህዝቢ መጎዓዝያ ይጥቀሙ ብምንባሮም፡ ብደገፍቲ ኢንተር 'ትራንቨ' ዝብል ሳጓ ተዋሂብዎም። ሎሚ ድማ እቲ ናይ ሸው ማሕበራቀጠባዊ ኣቃውማ ደገፍቲ ናይዘን ክለባት ሰድራቤታዊ ይኹን ውልቃዊ ፍልልያት ከም ዘሰፍሕ ብምግባሩ፡ ዓቢ መፈላለዩ ነጥቢ እዘን ክለባት ኮይኑ ደርከቡ።

ክልቲአን ክለባት ንሜዳ ሳን ሰሮ ብሓደ ይጥቀማሉ። ኢንተር ንሶሜናዊ ክፋል ናይዚ ሜዳ ክትውንን እንከላ፡ ሚላን ድማ ንደቡባዊ ክፋል ትውንን።

እዘን ክለባት ከም ኣብ ካልእ ሊግ ዝርከባ ክለባት ተጻወትቲ ክለዋወጣ ትጽቢት ዘይግበረን እኳ እንተኾኑ፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ግን ካብ ሚላን ናብ ኢንተር፡ ካብ ኢንተር ናብ ሚላን ተሰጋጊሮም እዮም። ሽሞንተ ኣሰልጠንቲ ኸኣ ንክልቲአን ክለባት ዘሰልጠኑ ኣለዉ። እዘን ክለባት ኣብ 244 ግጥማት፡ ኢንተር 91፡ ሚላን ድማ 82 ግዜ ተዓዊታ። ኣብዚ ናይ ደርቢ ጸወታ ኢንተር 341 ሽቶታት ከተመዝግብ እንከላ ሚላን 321 ሽቶታት ኣመዝጊባ። ኣንድሬ ሸፍቸንኮ ምስ ሚላን ብምዃን 14 ሽቶታት ብምቊጻር ኣብዚ ናይ ደርቢ ጸወታ ዝበዝሐ ሽቶ ዘመዝገበ ኰይኑ ደርከቡ። ፓውሎ ማልዲኒ ኸኣ ኣብ 56 ጸወታታት ብምስላፍ እቲ ዝበዝሐ ጸወታ ዘየደ ኰይኑ ኣሎ።

እዘን ክልተ ክለባት ኢጣልያ፡ ንዋንጫ ዘውዳደራ ክለባት እየን። ኣብ ኢጣልያዊ መድረኽ ኢንተር 37 ዋናጩ ብምልዓል ዓብላልነታ ዘረጋገጸትያ፣ ሚላን ድማ 32 ዋንጩ ዓቲራ ኣላ። እንተ ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኽ ግን ብኣንጻሩ'ዩ። ሚላን 18 ዋናጩ ክትዓትር እንከላ፡ ኢንተር ድማ 9 ዋናጩ ኣልዒላ (ሕጂ ኸኣ ናብ መድረኽ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ በጺሓ ትርከብ)። እዘን ክለባት ዘካይድኦ ጸወታ ቀመም ኢጣልያዊ መድረኻት ጥራይ ዘይኮነ ቀመም ዓለማዊ መድረኻት ኰይኑ ደርከቡ፣ ደርቢ ዴላ ማዶኒና።

## ስኮት ፓርከር፡ ሕጂ'ውን ንበርንሊ ናብ ፕሪመር ሊግ የደይብ

በርንሊ፡ ሰኑይ ንሽፊልድ ዩናይትድ 2ብ1 ብምርታዑ ምስታ ንሉየክ 6ብ0 ዘሸነፈታ ሊድስ ዩናይትድ ካብ ሻምፕዮንስ ሺፕ ናብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ ሓኹራ ትርከብ። ንበርንሊ ናብዚ ደረጃ ክትበጽሕ ዘብቅዓ ስኮት ፓርከር ድማ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ዓመት ንሰለስተ ዝተፈላለያ ጋንታታ ካብ ሻምፕዮንስ ሺፕ ናብ ፕሪመር ሊግ ዘደየበ ኣሰልጣኒ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ።

ስኮት ፓርከር ኣብ 2019/20 ንፉልሃም፡ ኣብ 2021/22 ንቦርንማውዝ፡ ኣብ 2024/25 ንበርንሊ. ናብዚ መድረኽ ዘብጸሐ ኰይኑ ኣሎ።

በርንሊ፡ ብመሪሕነት ስኮት ፓርከር ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሺፕ፡ ዘይትድፈር ጋንታ ኰይናያ ጸኒሓ። ኣብዚ ዓመት 31 ግጥማት ከይተሳዕረት ውድድራ ኣሰላሲላ። ዝኾነ ተረፈንኣ ዘሎዋ ክልተ ግጥማት ብዘይተሳዕረት እንተሰጊራ ድማ ካልእ ታሪኽ ክተጽሕፍያ። ሓያል መስመር ምክልኻል ሃኒጻ ዘላ በርንሊ፡ ኣብ 2025/26 ዓመት ስፖርት ፕሪመር ሊግ በዓሃሪት ጋንታ ከም እትኸውን ደሮ ኣመት ሂባ ትርከብ። ብዙሓት ወገናት ዝ. በርንሊ. ትኽተሎ ኣብ ምክልኻል ዝተመርከሰ ኣገባብ ኣጸዋውታ፡ "ኣሰልቻዊ" ብምባል ክገልጽዎ እንከለው፡ ኣብቲ ምስ ሽፊልድ ዩናይትድ ዘካየድዎ ጸወታ፡ ኑተን ክልተ መዕወቲ ሽቶታት ዘመዝገበ ሓሊቓ ጋንታ ናይዛ ክለብ ብራውንሊ፡ "ቃላት የብለይን። ኣብዚ ወቕቲ ልዑል ጻዕሪ ገይርና ኢና። ብዙሕ ታሪኽ ጽሒፍና ኢና፡ ሰባት ኣሰልቻዊ እኳ ዝብሉና እንተ ኾኑ፡ በዚ ኣሰልቻዊ ዝብልዎ ደገምና ናብ ፕሪመር ሊግ ተመሊስና ኣሎና፡" ኢሉ። ወዲ 44 ዓመት እንግሊዛዊ ኣሰልጣኒ ናይዛ ክለብ ስኮት ፓርከር ከኣ፡ "እዚ ኩሉ ነገር'ዩ። ንምስጋር ዓለምና ተጻዊትና፡ ብዙሕ ውረድ ደይብ ድማ ሓሊፍና። ብሓጺሩ ዘደንቕ ነገር'ዩ። ቡየም ብዘወፋይኑት ኩሉ ነገርም ዝለቡ መንእሰያት ከኣ ኩሩዕ እየ" ኢሉ።



በርንሊ፡ ኣብዚ ወቕቲ ብርክት ዝበሉ ክብረ-ወሰን ክትሰብር ክኢላ ኣላ። ኑቲ ኣብ 1920/21 ዝተመዝገበሞ ን104 ዓመት ከይተበጽሐ ዝጸንሐ ናይ ዘይተሰዓርነት ክብረ-ወሰን በጺሓቶ። ከምኡ'ውን ኣብ 1995/96 ብግሊንዝም ዝተበጽሐ ኣብ ሻምፕዮን ሺፕ ዝውሓደ ሽቶ ዝተመዝገቦ ኰይና ኣላ።

## ፍርቂ ፍጻመ ኤፍኤ ካፕ ድራማ ይረኣየዶ ይኸውን?

ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ እቲ ዝበደመ ውድድር ምዃኑ ዝነገረሉ ኤፍኤ ካፕ፡ ኣብዚ ኣቐጺሩዎ ዘሎ 154 ዓመት ዘይርሳዕ ድራማ ሰሓዱ ሓሊፉ'ዩ። ብፍላይ ኣብ መድረኽ ፍርቂ ፍጻመ ክበጽሕ እንከሎ፡ ብዙሕ ተዓጻጻፍን ተለዋዋጥን ግጥም የአንገዱ።

እቶም ኣብ ውሽጢ 25 ዓመት ኣብ መድረኽ ፍርቂ ፍጻመ ተዘከርቲ ዝኾኑ ገለ ግጥማት እዞም ዝስዕቡ'የም።

**ኮቨንትሪ-ማንቸስተር ዩናይትድ**

እዘን ክለባት ኣብ 2024 እየን ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ተራኺበን። እታ ኣብ ሻምፕዮን ሺፕ እትጻወት ኮቨንትሪ ኣብ ውሽጢ 20 ደቒቕ ሰለስተ ሽቶ ስለ ዝተመዝገባ ትስዓር መሰለት። እንተኾነ ተጻወትቲ ኮቨንትሪ ኣብርቲያም ብምጽዋት ማዕረ ዘዑብርኦም ሽቶታት ብምምዝጋብ ኑቲ ግጥም ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሖሞ። ብፍጹም ቅላዕ ድማ ናይ ተንሃግ ዩናይትድ 4ብ2 ተዓዊታ።

**ዋትፎርድ-ዎልቭስ**

ዋትፎርድ ድሕሪ 1984 ናብ ናይ ፍጻመ መድረኽ ንመጀመርያ ግዜ ክበጽሑ ብምባል ብ2019 ኣንጻር ዎልቭስ ገጢሙ። እንተኾነ ዎልቭስ 2 ሽቶ ብምቑጻር ድሕሪ 1960 ንመጀመርያ ግዜ ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክበጽሑ 11 ደቒቕ ተረፎም። እቲ ድራማ ኣብዚ እዩ ተኸሲቱ፣ ዋትፎርድ 2 ሽቶ ብምምዝጋብ ተመዓራረዩ። ኣብ ማብል 104 ደቒቕ ድማ ሳልሰይቲ ሽቶ ብምቑጻር ንዎልቭስ 3ብ2 ረቲያም ንደገፍቶም ኣሰራሰርዎም።

**ሃልሲቲ-ሸፊልድ ዩናይትድ**

ኣብ 2013-14 ሸፊልድ ዩናይትድ፡ ሓድሽ ታሪኽ ንኽትጽሕፍ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ምስታ ኣብ ፕሪመር ሊግ ትጻወት ዝነበረት ሃልሲቲ ተራኺባትኡ። ከም ውጥና ቅድሚ ዕረፍቲ ክልተ ሽቶ ብምምዝጋብ 2ብ1 መሪሕነት ሓዚት። እንተኾነ ድሕሪ ዕረፍቲ ተሓዲሳ ዝኣተወት ሃልሲቲ ኣርባዕተ ሽቶ ብምውሳኽ፡ ንሸፊልድ 5ብ4 ረቲዓ ኣብ ታሪኻ ንመጀመርያ ግዜ ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ በጺሓትኡ።

**ፖርትስሞዝ-ቶተንሃም**

ፖርትስሞዝ ኣብ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ጥሒሉም፣ ካብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ ምውራዶም ኣፍሊጦም'ዮም ምስ ቶተንሃም ብ2010 ኣብ መድረኽ ፍርቂ ፍጻመ ኤፍኤ ካፕ ዝተራኸቡ። እዞም ኢዶም ክህቡ ዘይመረጹ ተጻወትቲ 'ፖምፕይ' ን90 ደቒቕ ጸኒዖም መከቱ። ኑቲ ሽቶ ዘይተመዝገቦ ግጥም፡ ዳኛ 9 ደቒቕ ወሰኸሉ። ክልተ ሽቶ ብምቑጻር ድማ ንቶተንሃም ረቲያም ምስ ቸልሲ ኣብ ናይ ፍጻመ መድረኽ ተራኺቡ።

ኣብዚ ጽባሕ ቀዳመ-ሰንበት ክሪስታል ፓላስ ምስ ኣስቶን ቪላ፡ ኖቲንግሃም ፎረስት ምስ ማንቸስተር ሲቲ ዘካይድኦ ጸወታ ኸ እንታይ ዓይነት ድራማ ክስሕድ'ዩ? ሓቢርና ንርአዮ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይናን ኬንያን ምሕዝነተን ከዕብያ ተሰማሚዐን

ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ. ጂንፒንግን ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶን፡ ትማሊ. ሓሙስ ኣብ ከተማ በይጂንግ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ምሕዝነት ክልቲኤን ሃገራት ናብ ሓድሽ መድረኽ ከደይብዎ ከም ዝተሰማምዑ ሓቢሮም።


ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ምትሕግጋዝን ምትሕብባርን ቻይናን ኣፍሪቃን ብምዕባይ፡ ኣብ ዓለም ርግኣት ንምስፋን ክሰርሑ ከም ዝተሰማምዑ ገሊጾም።

ብመሰረት ጸብጻብት መራኸቢ. ብዙሓን፡ መራሕቲ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ጽላታት ሳይንስ፡ ቴክኖሎጂ፡ ትምህርቲ፡ ማይ፡ መጐዓዝያን ንግድን ዝተትኩሩ 20 ሰነዳት ክቲሞም ኣለዉ።

ብተወሳኺ፡ ክልቲኤን ሃገራት ንመሰረታዊ ክብርታትን መትከላትን ውድብ ንግዲ ዓለም ኣኽቢረን ክቕጽላ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ኬንያን ኣብ መዳይ ሰላምን ድሕነትን ዘለወን ክልተኣዊ ዝምድና ንምዕባይ፡ ኣብ ስልጠና ኣባላት፡ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ፡ ጸረ-ሽበራ፡ ሓባራዊ ልምምድን ስልጠናን ዘለወን ምትሕብባር ከሓይላ ምዃነን'ውን ገሊጸን ኣለዋ።

ፕረዚደንት ሩቶ ኣብ 2022 ናብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ንደሓር፡ ሕጂ ንሳልሳይ ግዜኡ እዩ ኣብ ቻይና ዑደት ዘካይድ ዘሎ።



## ህንዲ ምስ ፓኪስታን ንዘራኽባ ዶብ ዓጽያቶ

ኣብ ህንዲ - ግዝኣት ካሽሚር ህይወት ክልተ ወጻእተኛታት ዝርከቦም 26 በጻሕቲ ዝወሰደን ዓርተታት ካልኦት ዘቑሰለን መጥቃዕቲ ፈኲሱ ብረት ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ህንዲ ምስ ፓኪስታን ንዘራኽብ ዶብ ብምዕጻው፡ ኣብ መሬታ ንዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታት እታ ሃገር ክወጹ ከም ዝኣዘዘቶን ኖቲ ምስ ፓኪስታን ከቲማትሉ ዝጸንሐት ናይ ማይ ምክፍፋል ውዕል ከኣ ደው ከም ዘበሎቶን ምንጮታት ሓቢሮም።

መንግስቲ ፓኪስታን ግን ሃገሩ ኣብቲ መጥቃዕቲ ኢድ ከም ዘይብላ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ኖቲ ህንዲ ኣብ ልዕሊ. ሃገሩ ወሲዳቶ ዘላ ስጉምትታት ምላሽ ንምሃብ ከኣ፡ ንትማሊ. ሓሙስ ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ድሕነት ክካየድ ከም ዝጸውዐ ተሓቢሩ።

ኣብ ፓኪስታን ምስ ዝመደበሩ 'ላሽካር-ኢ-ታባይ' ዝተባህለ ጥሩፍ ጉጅለ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝእመን 'ብ'ግንባር ተቓውሞ' ዝፍለጥ ግብረ-ሽበራዊ ጉጅለ፡ ኖቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ከም ዝወሰደሉ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ. ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣባላት ናይ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣውቶማቲክ ብረት ተጠቒሞም ኣብ ልዕሊ. እቶም በጻሕቲ ተኹሲ. ከም ዝኸፈቱ'ዮም ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ዝገልጹ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ድሕሪ እቲ ኣሰንባዲ ፍጻመ ምስ ሓለፍቲ ጸጥታ ሃገሩ ንምርኻብ፡ ኖቲ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዘካይዶ ዝነበረ ወግዓዊ ዑደት ብምቁራጽ፡ ዝሓለፈ. ረቡዕ ናብ ሃገሩ ከም እተመልሰ ድማ ይሕበር።

ካሽሚር፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣብ መንጎ ህንድን ፓኪስታንን ምንጪ. ወጥሪ ኮይኑ ዝጸንሐ ዞባ እዩ።

ብሰንኪ. ሕቶ ዋንነት ዞባ ካሽሚር ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ዝሰዓበ ወጥርን ዝተፈጥረ ረጽምን ከኣ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት ከም ዝተቐትሉ ጸብጻብት የመልክቱ።

## መራሒ. ፍልስጤም፡ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ክልቀቑ ጠሊቡ

ፕረዚደንት ርእሰምምሕዳር ፍልስጤም ማሕሙድ ዓባስ፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ መታን ከተቋርጽ፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ኖቶም ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ እስራኤላውያን ክፈትሖም ዕጥቁ ከውርድ፡ ከምኡ'ውን ንቓዛ ናይ ምምሕዳር ስልጣን ከረክብ ጠሊቡ።

ማሕሙድ ዓባስ ብረቡዕ ኣብ ራማላህ ኣብ ዝነበሮ ሓበሬታ፡ ሓማስ ኖቶም ሒዝዎም ዘሎ ጅሆታት ዘይምልቃቑ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ. ወሽመጥ ቓዛ መጥቃዕትታት ንኸትቕጽል መመኽነይታ ይኸና ከም ዘሎ ከኣ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ. ሰሙን፡ ሓማስ ኖቲ ብእስራኤል ዝቐረበሉ እማመ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ. ከም ዘይቅበሎ ምሕብሩ ዝዘከር እዩ።

እቲ ብእስራኤል ዝቐረበሉ እማሙ፡ ካብቶም ጅሆ ሒዙዎም ዘሎ ዜጋታት 10 ክለቕቖን ዕጥቁ ከውርድን እስራኤል ከኣ ኣምሳያኡ ኖቲ ኣብቲ ወሽመጥ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ንሽዱሽተ ሰሙናት ደው ከተብሎ ዝጠልብ ምዃኑ'ዩ ተፈሊጡ ዘሎ።

ሓማስ ግን፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ኣልማሚ መጥቃዕቲ ምሉእ ብምሉእ ደው ከየበለት፡ ኖቶም ጅሆ ሓዚዎም ዘሎ ዜጋታት ከም ዘይለቕቖም እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ካብ 2 መጋቢት ጀሚሩ ን52 መዓልታት ቀጺሉ ዘሎ ምቁራጽ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዛት፡ 2.1 ሚልዮን ህዝቢ. ብህይወት ክቕጽል ዘኽእሎ መሰረታዊ ጠለባት ካብ ምርካብ ከልኪልዎም ከም ዘሎ ሓቢሩ።



ዝሓለፈ. ረቡዑ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ. ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ኖቲ እስራኤል ኣጽኒዓቶ ዘላ - ሰብኣዊ ሓገዛት ናብቲ ወሽመጥ ከይኣቱ ዝኽልክል ስጉምቲ 'ዘይጽወር' ክብሉ ድሕሪ ምግላጽ፡ ብቕልጡፍ ክበቅዕ ጸዊዖም።

## ቱርኪ - ሓያል ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሙ

ኣብ ርእሲ ከተማ ቱርኪ. ዝኾነት ኢስታንቡል፡ 6.2 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብምግጣሙ፡ ብውሑዱ 151 ሰባት ከም ዝቖሰሉ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ታ ከተማ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ. ሓቢሩ።

ሱቡመዚ. እታ ከተማ፡ ድሕሪ እቲ ዝዓበየ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ልዕሊ. 50 ድሕሪ ምንቅጥቃጣት እውን ከም ዝተመዝገበ፣ ኣብ ህንጻታት ድማ ውሱን ጉድኣት ከም ዘውረዱ ገሊጾም።

እቲ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ካብ'ቶም ኣብ ዝሓለፈ. ቀረባ ዓመታት ዝተኸሰቱ ተመሳሳሊ. ሓደጋታት እቲ ዝሓየለ ብምንባሩ፡ ነበርቲ ናይ'ታ ከተማ፡ ቅድመ ምንቅጥቃጥ ከይከውን ብምስጋእ ካብ ኣባይቶም ወጺኦም ኣብ ቃልዕ ቦታታት ክሓድሩ ከም ዝወሰኑ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ሓቢሮም።

ቡቲ ኣብ 2023 ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቱርኪ. ኣጋጢሙ ዝነበረ ክልተ ዓበይቲ ምንቅጥቃጣት ምድሪ፡ ልዕሊ. 55 ሽሕ ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት 170 ሽሕ ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ናይ ሸዑ ጸብጻብት የመልክቱ።

ኢስታንቡል፡ 16 ሚልዮን ህዝቢ. ዝነብረላ ዝዓበየት ከተማ ቱርኪ. እያ።



## ምንካይ ረድኤት ኣመሪካ ንዝርግሐ ሕማማት የጋድዶ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ክትገብሮ ዝጸንሐት ምወላታት ክቋረጽ ድሕሪ ምውሳኑ፡ ብደረጃ ዓለም ንህጻናት ኣንጻር ቀተልቲ ሕማማት ንምኽታብ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ንድሕሪት ይመልሶ ምህላዉ፡ ሕቡራት ሃገራት ኣተሓሳሰበ።

ዝርግሐ ለቡዳ ሕማማት ዕንፍሩር፡ ኣንቅጽን ጉንፋዕን ብደረጃ ዓለም እናወሰኸ ይመጽእ ኣብ ዘለወሉ ግዜ፡ ካብ ኣመሪካ ልዑል ሓገዝ ክረኽብ ዝጸንሓ ትሑትን ማእከላይን እቶት ዘለወን 108 ሃገራት፡ ብሰንኪ.'ቲ ኣብ ፈለማ እዛ ሒዝናያ ዘለና ወርሒ. ተግባራዊ ዝኾነ ምቁራጽ ምወላ ኣመሪካ፡ ስሩዕ ንጥፈታት ክታበት ክካየዳ ተጸጊመን ከም ዘለዋ፡ ጸብጻብት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣመልኪቱ።

ውድብ ጥዕና ዓለምን ማዕከን ቁልዑ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ዘውጽእኦ ሓባራዊ መግለጺ፡ እቲ ዝተገብረ ምቁራጽ ምወላ፡ ንቐረብ ክታበት ከንክዩ ከሎ፡ ንምኽትታልን ምቁጽጻርን ተመሓላለፍቲ ሕማማት እውን ብኸፊሉ ዓንቒፉዎ ከም ዘሎ ሓቢሮም።



ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ቤት ምሸጣ መድሃኒት ሪህዋ | 25/04/2025 | ጎደና ሃገር ቁ. 20፡ ፊት መስገድ ገዛ ጣንዳ ጥልያን | 119802
ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services